


ብሓልዮት ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝሕተም ወርሓዊ መጽሔት

ዲሞክራስያዊት ኤርትራ | ሕታም ቍ.84 | ለካቲት 2008



ቤት ትምህርቲ ስደተኛታት ወድሸሪፈይ ብኤርትራውያን ቋንቋታት
(ዓረብኛን ትግርኛን) ክሳዕ 6ይ ክፍሊ፤ ብእንግሊዘኛ ድማ ክሳብ 8ይ ክፍሊ ይምህር

## ርእሰ-ዓንቀጽ

# እወ፡ ይከኣል ኢዩ

እወ፡ ይከኣል ኢዩ ዝብል ናይ ኣመሪካ ፕረሲደንታዊ ሕጹይ ባራክ ኦባማ፡ ንለውጥን ንስራሕን ዝጠልብ፡ ኣብ ብሩህ ተስፋ ዝተሰረተ፡ ንደለይቲ ለውጢ ዝኾነ ክፍልታት ናይ'ቲ ሕብረተሰብ ዘበራበረ፡ እዋናዊ ናይ ተቓለስቲ ጭርሖ ኢዩ። ንሕና ኣባላት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ውን፡ ኣብ 6ይ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤና ንለውጥን ንብሩህ መጻእን ንምቕላስ ቆሪጽና ተበጊስና ስለዘሎና፡ እዚ ጭርሖ'ዚ ይምልከተና ኢዩ። "ሓቢርና ንስራሕ ክነድምዕ፡ ሓቢርና ከኣ ነድምጽ ክነስምዕ! ዝብል ጭርሖና ውን፡ ካብ'ዚ መርሆ'ዝን፡ ካብ'ዚ ተስፋ'ዝን ዝብገስ ኢዩ።

ንተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ናብ ሰልፊ ናይ ምስግጋር ሓሳብ ካብ ነዊሕ እዋን ማለት ካብ መወዳእታ ሰማንያታትን ኣብ መጀምርያ ተስዓታትን ኣትሒዙ፡ ክቀላቐል ዝጸንሐ ኣርእስቲ ኢዩ። ነዚ ሓሳብ'ዚ ብግብሪ ንምትርጓም ውን፡ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ተበግሶታት ተወሲዱስ፡ ብዙሕ ክትዓት ተኻይድሉ ኢዩ። ኣብ'ቲ ኣብ ከተማ ካስልን ኣብ ካርቱምን ዝተኻየደ 4ይ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ ተላዒሉ ከምዝነበረ ውን፡ ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል ኢዩ። እንተኾነ ግን፡ ክሳብ'ቲ ኣብ ሓምለ 2007 እተኻየደ ሃገራዊ ጉባኤ እዚ ሓሳብ'ዚ ጋሀዲ ክኸውን ኣይከኣለን። ተሓኤ ዝብል ስም፡ ስርዓት ህግዲፍ ከጥፍኦ ዝተቓለሰ ስም ስለዝኾነ፡ ስለምንታይ ኣብ ምጥፋእ ናይ'ዚ ስም'ዚ ንተሓባበር፤ ስምና እንተደኣ ቀይርና፡ እቲ በዚ ስም'ዚ ክለልየናን ክከታተለናን ዝጸንሐ ህዝብና ኣብ ምድንጋር ክኣቱ ኢዩ፤ ህዝቢ፡ ብሓድሽ ስምና ክሳዕ ዘለልየና ነዊሕ ግዜ ከድልዮ ኢዩ፤ ካብ ግንባር ናብ ሰልፊ እንተደኣ ተቐይርና ገለ ኣባላት'ቲ ግንባር ክገድፉና ኢዮም ... ወዘተ ዝብሉ ሓሳባት ኣብ ኣእምሮና እናተቓለቕሉ፡ ንስጕምትና ክገትኡን ኣብ ሕሉፍ ጥራሕ ክንነብር ክገብሩና ጸኒሖም ኢዮም። እዚ ኵሉ ግን፡ ካብ ፍርሒ ንዝኾነ ይኹን ሓድሽ ለውጢ ዝነቅል፡ ባህርያዊ ጠባይ ናይ ደቂ ሰባት ዝነቅል ኢዩ ነይሩ። "ካብ ዘይትፈልጦ መልኣኽሲ፡ ትፈልጦ ሰይጣን" ዝብል ምስላ ኣቦታትና ውን ነዚ ሓቂ'ዚ ዘረጋግጽ ጭቡጥ ኣበሃህላ ኢዩ። ከም ሰባት መጠን፡ ብልምዲ ዝሓዝናዮ ነገርን ኣተሓሳስባን ክንቕይር ይኸብደና። ኣብ ክንዲ ንብሩህ መጻኢ ምጥማትን ምቕላስን፡ ኣብ ሕሉፍ ተኣሲርካ ምንባር ዝያዳ ውሕስነት ዘለዎ ኰይኑ ድማ ይስምዓና። እቲ ሓቂ ግን ከምኡ ኣይኰነን። ንመጻኢ ዝጥምት ሓድሽ ኣተሓሳስባን ኣርኣእያን ውዒሉ ሓዲሩ ክዕወት፡ እቲ ብሉይ ኣተሓሳስባ ድማ ክሰዓር ናይ ታሪኽ ግድነት ኢዩ።

ስለዝኾነ ድማ፡ ነዚ ፍርሒ'ዚ፡ ኣብ'ቲ ብሓምለ 2007 ዘካየድናዮ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኢና ክንስዕሮ ክኢልና። ንውድብና ናብ ሰልፊ ምስግጋር ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ንውድብና ኣፍሪስና፡ ምስ ከማና ዝመሳሰል መደብ ዕዮ ዘለዎም ውድባትን፡ ምስ ርእይቶታትና ዝሰማምዑ ናጻ ዝኾኑ ወይ ድማ ኣብ ካልኦት ውድባት ክዋስኡ ዝጸንሑ ዜጋታትን ኰይና ሓድሽ ሰልፊ ንምምስራት ተበግሶ ወሲድና። እዚ ውሳኔ'ዚ ንገዛእ ርእሱ፡ ዓቢ ለውጢ ኣብ ኣተሓሳስባና ከምዘመዝገብና ዝሕብር ኣሉ ከበሃል ዘይከኣል ሓቂ ኢዩ። እቲ ናይ ቀደም ብሉይ ኣተሓሳስባ ግን ኣብ ውድብና ይኹን ኣብ

ፖለቲካዊ ሜዳ ሃገርና ብሓፈሻ ጠሪሱ ተወጊዱ ኢዩ ዝብል ተረድኦ የብልናን። ነዚ ብነብስና ዝጀመርናዮ ለውጢ፡ ብትግሃት እንተደኣ ሰሪሕናሉ፡ ኣብ ኣእሙሮ ናይ ብዙሓት ኤርትራውያን ከነስርጾ ከም እንኽእል ድማ ክንዲ ፍረ ኣድሪ ትኸውን ጥርጣረ ውን የብልናን። ቅኑዕ ራእይ ምውናንን፡ ነዚ ራእይ'ዚ ንምዕዋት ዘኽእል ስትራተጂ ምትላምን፡ ኣብ ግብሪ ዝትርጉሞ ቅርጻን ውፉያት ኣባላትን ምውዳድን ጥራሕ ኢዩ ዝሓትት። እቲ ብሉይ ኣተሓሳስባ፡ ግን ንግዚኡ ዕንቅፋት ካብ ምፍጣር ሓሊፉ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ሓድሽ ኣተሓሳስባን ራእይን ክዕወት'ዩ ኢልካ ፈጺሙ ዘይሕሰብ ኢዩ። ስለ'ዚ ኣብ ክንዲ ንድሕሪት ምጥማት፡ ነዞም ዝስዕቡ ኣብ ቅድሜና ተደቂኖም ዘለዉ ብድሆታት ፈሊጥና ንምምካቶም ክንራባረብ ኢዩ ዝግባእ። መሰረታዊ ምኽንያት ናይ ዋሕዚ ኤርትራውያን ንስደት፡ መጻኢ ዕድሎም ጸልማት ኰይኑ ስለዝተራእዮም ኢዩ። ብሓደ ሸነኽ፡ ግፍዕን ጭቆናን ናይ'ቲ ስርዓት መሪርዎም፡ ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ፍንጡሕ ኣተሃላልዋ ተቓወምቲ ውድባት ንቃልሲ ዘይዕድም ኰይንዎም። ስለ'ዚ፡ ነዚ መንፈስ'ዚ ምቕያር፡ ኣብ ኣእምሮ መንእሰያትና ተስፋ ዝሰኵዕ ስጕምታትን ለውጥታትን ከነመዝግብ ክንክእል ኣሎና። ከም ተቓወምቲ ክንጕዓዞ ዝጸናሕና ኣገባብ ይኹን፡ ብተመኩሮ ዝተፈተነ ከዐውት ዘይኽእል ምኽኑይ ዘይኰነ ፍንጥሑ ኣተሃላልዋ ውድባትና፡ ክንቅይሮ ክንቃልስ ይግብኣና። ኣብ ሓደ ክቢ ዕንክሊል ዘብሉና ዘለዉ ረቛሕትታት ኣለሊና ወጊድ ክንብሎምን መንእሰያት ዝሳተፍሉ ባይታታት ከነመቻችእን ይግብኣና። ክሳዕ ሕጂ ብናጻ ኮሚሽን ምስረታ ሰልፊ ተረጋጊጹ ዘሎ ተሳትፎ ናይ መንእሰያትን ምሁራትን ድማ፡ እወ ይከኣል'ዩ ናብ ዝብል መደምደምታ ኢዩ ዘብጽሓና።

ውድባትና፡ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ውድባት ኰይኑ ምህላዉ ብዙሕ ምምርማር ዝሓትት ኣይኰነን። ስለምንታይ? ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ፡ ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነት ተቓሊሳን ወዲቓን እንድያ? ሕጂ ደኣ እንታይ ረኺብዋ? ስለምንታይ ካብ ቃልሲ ትርሕቕ ኣላ። እዚ ውን መልሱ፡ ከም ተቓወምቲ ክንከዶ ዝጸናሕና ጕዕዞ ንቃልሲ ዘይዕድም ስለዝኾነ ኢዩ። እቲ ኣብ ኤርትራ ስልጣን ጨቢጡ ዘሎ ጕጅለ ድማ፡ ብመሰል ናይ ጓል ኣንስተይቲ ዘይኣምን፡ ዕምሪ ስልጣኑ ንመናውሒ ጥራሕ ከም መሳርሒ ክጥቀመለን ዝደሊ ምዃኑ ብግብሪ ጐሊሁ ተራእዩ ኢዩ። ስለ'ዚ፡ ንመጻኢ ዕድል ናይ ደቂ ኣንስትዮ ናብ ዝሓሸ ደረጃ ከሰጋግር ዝኽእል ሓድሽ ራእን ሓድሽ ኣወዳድባን ይድለ ኣሎ። ኮሚሽን ምስረታ ሰልፊ፡ ንግደን ተራን ደቂ ኣንስትዮ ዘዕዝዝ ንድፊ መደብ ዕዮ ምትላምን፤ ደቂ ኣንስትዮ ንመሰለን ባዕለን ክቃለሳሉ ከተባብዕን ክጕስጕስን ይጥለብ ኣሎ። ከም ጅማሮ፡ ኣብ ኮሚሽን ምስረታ ሰልፊ ደቂ ኣንስትዮ ምህላወን ዘተባብዕ ተበግሶ ኢዩ። እዚ ንበይኑ ግን እኹል ኣይኰነን። ነዚ ቃልሲ'ዚ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሕታት እንተደኣ ተሓዊሰንኦ፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክዕወት ምዃኑ ኣየጠራጥርን ኢዩ። እዚ ውን ምእንቲ ናጽነት ዘካየድናዮ ተመኩሮ ዘረጋግጾ ሓቂ ስለዝኾነ፡ ሕጂ ክንደግሞ ይከኣል ኢዩ።

ትምህርቲ መሰረት ስልጣኔ ምዃኑ እንፈላለየሉ ጕዳይ ኣይመስለናን። ኣብ ሃገርና ግን፡ ተመሃራይ ካብ መኣዲ ትምህርቱ ተመንጢሉ፡ ናብ መደበራት ታዕሊምን ናይ ውግእ ግንባራትን ክኣረት ኢዩ ዝርከብ ዘሎ። እታ ሓንቲ ዝነበረትና ናይ ኣስመራ ዩኒቨርሲቲ፡ ናይ ተቓውሞ ማእከል ከይትኸውን ካብ ዝብል ስግኣት፡ ኣብ ኮሌጃት ተጓዚዛ ፋሕ ብትን ከምዝኣትዋ ኰይኑ ኣሎ። መንእሰይ ኤርትራ፡ ኣብ ክንዲ ናብ ትምህርቲ፡ ነቲ ብድኽነት ዝሳቐ ዘሎ ስድራ ቤቱ ንምርዳእ ናብ ስራሕን ገንዘብን ከድህብ ተገዲዱ ኣሎ።

ነዚ ሃለዋትን ኣተሓሳስባን'ዚ ክንቅይሮ እንተዘይክኢልና፡ ኣብ መጻኢ ንህዝብናን ሃገርናን ከጋጥም ዝኽእል ጸገማት ብቐሊሉ ዘይውጻእ ክኸውን ኢዩ። ኮሚሽን ምስረታ ሰልፊ፡ ነዚ ብድሆ'ዚ ብዕምቈት ክሓስበሉን፡ ምሁራት ኣብ ሰልፊ ዝጽንበርሉን ግዲኦም ዝጻወትሉን ባይታታት ከዋድድ ዓቢ ትጽቢት ይግበረሉ ኣሎ። ድሮ ኣብ'ቲ ኮሚሽን ምስረታ ሰልፊ ምሁራት መንእሰያት ክሳተፉ ምጅማሮም ዝሕብሮ ነገር እንተደኣሃልዩ፡ ዝያዳ ጻዕርታትን ዕቱብነትን እንተደኣ ተሓዊስዎ፡ ሰፊሕ ናይ ምሁራት ተሳትፎ ክረጋገጽ ይከኣል ኢዩ።

ካልእ ኣብ ቅድሜና ተደቂኑ ዘሎ ዓቢ ብድሆ፡ እቲ ጀብሃ ሻዕብያ ዝብል ፍልልያት ኢዩ። ሎሚ ዘለናዮ ኩነታት ካብ ትማሊ ቅድሚ ናጽነት ዝነበርናዮ ኩነታት ዝተፈልየ ምኳኑ ዘካትዕ ኣይኮነን። እቲ ሎሚ ኣብ ኤርትራ ስልጣን ጨቢጡ ዘሎ ጉጅለ፡ ንህዝቢ ዘይውክል ናይ ውሑዳት ሰባት ረብሓ ዝሕሉ ምልካዊ ስርዓት ኢዩ። ሎሚ እቲ መሰረታዊ ግርጭት ኣብ መንጎ መግዛእትን ንሃገራዊ ናጽነት ዝቃለስ ህዝብን ግንባራትን ወይ ውድባትን ዘይኮነስ፡ ኣብ መንጎ መላኺ ስርሓትን ኣብ መንጎ ንዲሞክራስን ማዕርነትን ፍትሕን ዝቃለስ መላእ ጭቁን ህዝብን ፖለቲካዊ ተቓወምቲ ውድባቱን ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ እቲ ጭቁን ህዝቢ ብናይ ትማሊ ጀብሃ ሻዕብያ ዝብል ፍልልያት ክከፋፈልን ሓይሉ ክዳኸምን ኣይግብኣን። ብኣንጻሩ፡ ኢድ ንኢድ ተታሓሒዙ፡ ነዚ ብሓባር ዘሳቕዮ ዘሎ ስርዓት ኣወጊዱ፡ ንረብሓ ናይ ብዙሓት ዘረጋግጽ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምስፋን ከይሰልከየ ክቃለስ ይግብኦ። ኣብ ቅድሚ ናይ ሓፋሽ ሓይሊ ጠጠው ክብል ዝኽእል ዝኾነ ይኹን መላኺ ስርዓት ስለዘየለ ድማ፡ ስርዓት ኢሳያስ፡ ከም'ቶም ቅድሚኡ ዝነበሩ ዲክታቶርያውያን ናብ ናይ ታሪኽ ክጉሓፍ ይከኣል ኢዩ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ምስ ጐረባብትና ዘሎ ጐንጽታትን ጽልእን ምንጽጻግን ኣወጊድና፡ ኣብ ሰናይ ጉርብትና ሕድሕዳዊ ሓባራዊ ረብሓን ዝተመርኰሰ ዝምድናታት ብምፍጣር፡ ንህዝብታትና ካብ ድኽነትን ሕማምን ድንቊርናን ኣውጺእና ኣብ ጉደና ልምዓትን ብልጽግናን ከም ዝምርሽ ንምግባር ኵሉ ዝከኣለና ዓቕምታት ጸንቂቕና ክንጥቀመሉ ይግብኣና። ፖለቲካዊ ድሌትን ንጽህናን እንተልዩ ድማ፡ እዚ ሎሚ ሕልሚ ኰይኑ ዝስምዓና ዕላማ ጋህዲ ክኸውን ይኽእል ኢዩ።

# ብናጽነት ኤርትራ ዝኣምን ስርዓት ኣብ ኢትዮጵያ ክሳዕ ዝሃለወ፡ ኢትዮጵያ ንቃልሲ ምችእቲ ቦታ ኢያ
# ኣቶ መንግስተኣብ ኣስመሮም፡ ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ናይ ዜናን ባህልን ሓላፊ

ብየማነ ናግሽ፡ ጋዜጠኛ ሪፖርተር
ሰንበት 10 ለካቲት 2008
ትርጉም፡- ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ




ኣቶ መንግስተኣብ ኣስመሮም፡ ብ1974 ዓ.ም ኢዮም ኣብ ተሓኤ ተሰሊፎም፡ ከም ተራ ተጋዳላይን ከም ካድርን ኰይኖም ድማ ተቓሊሶም። ተሓኤ፡ ብ1981 ኣብ ሰለስተ ክንፍታት ስለዝተኻፋፈለት፡ ኣቶ መንግስተኣብ ኣስመሮም፡ ኣባል ናይ'ቲ ብኣቶ ኣሕመድ ናስር ዝምራሕ ዝነበረ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኰይኖም ቀጺሎም። ኣብ 1995 ዓ.ም.ፈ ኣብ ዝተገብረ ራብዓይ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ ኣባል ፈጻሚ ሽማግለ ኰይኖም ተመሪጾም ክሳዕ ሕጂ ድማ፡ ኣባል ፈጻሚ ሽማግለን ናይ ዜና ሓላፍን ኰይኖም ይቕጽሉ ኣለዉ።

እቲ ብ11 ውድባት ዝቑመ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ተፈላልዩ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ተቐራሪቦም ናይ ሓባር ኣኼባ ኣካይዶም ኣለዉ። እቲ ኪዳን ኣብ ኣብ ዕለት 30 ናይ ዝመጽእ ዘሎ ወርሒ ጉባኤ ከካይድ ኢዩ። ነዚ ጉባኤ'ዚ እተዋሃህድ ኮሚቴ ድማ ቈይማ ኣላ። ኣቶ መንግስተኣብ ድማ፡ ኣባል ናይ'ዛ ኣውሃሃዲት ሽማግለ ስለዝኾኑ፡ ብዛዕባ'ቲ ኣኼባን፡ ብዛዕባ ተቓወምቲ ውድባትን ሓፈሻዊ ኵነታት ኤርትራን ኣዘራሪብናዮም ኣሎና።

***ሪፖርተር፡- ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን፡ ናይ ኤርትራ ተቓወምቲ ውድባት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣኼባ ኣካይድኩም ኔርኩም። ዕላማ ናይ'ቲ ኣኼባ እንታይ ነይሩ? ኣብ'ዚ ኣኼባ እተሳተፉ'ኸ መነመን ነይሮም?***

ኣቶ መንግስተኣብ፡- ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን፡ ማለት ካብ 15-19 ጥሪ ኢዩ ኣኼባና ተኻይዱ። ኣብ'ዚ ኣኼባዚ ዝተሳተፉ ውድባት 11 ኢዮም ነይሮም። ዕላማ ናይ'ዚ ኣኼባ'ዚ ድማ፡ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ዝተኻየደ ጉባኤ ዝተፈንጨለ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንምትዕራቕን ኣብ ሓባራዎ ስምምዕ ንምብጻሕን'ዩ ነይሩ።

***ሪፖርተር፡- እቲ ኣኼባ ዕዉት'ዶ ነይሩ ትብሉ? እንታይ ኢኹም ገርኩም?***

ኣቶ መንግስተኣብ፡- እወ፡ ኣዝዩ ዕዉት ኣኼባ'ዩ ነይሩ። ተረዳዲእና ኣሎና። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ኣብ ዝመጽእ ዘሎ ወርሒ መጋቢት፡ ክልተ ሓደስቲ ተቓወምቲ ውድባት ወሲኽና ጉባኤ ንምግባር ወሲና ኣሎና። ከምኡ ውን፡ ኣብ'ቲ ጉባኤ ብደረጃ ተዓዛብነት ዝሳተፉ ኤርትራውያን ኣለዉ። ንኣብነት ኣብ ዝተፈላለየ ኵርንዓት ናይ ዓለም ዝርከቡ ካብ 10 ንላዕሊ ዝኾኑ ሲቪላዊ ማሕበራት፡ ናይ ሃይማኖት መራሕቲ (ክርስትናን እስልምናን)፡ ከምኡ ውን፡ ካብ 1957 ዓ.ም.ፈ ኣትሒዙ ኣብ ቃልሲ ዝጸንሐ ኣሕመድ ሰይራ ዝርከብዎም ኢዮም። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ካብ'ቶም 13 ውድባት ዘይከኑ፡ ካልኣት ፖለቲካዊ ውድባት ውን፡ ብኣቦ መንበራቶም ኣቢሎም ከም ተዓዛብቲ ክሳተፉ ተወሲኑ ኣሎ። ኣብ'ቲ ዝመጽእ

ጉባኤ፡ እቶም 13 ተቓወምቲ ውድባት፡ ነፍስወከፎም ሰለስተ ወከልቲ ክህልዉዎም ኢዮም። ብተወሳኺ፡ ሰለስተ ዝኣባላቱ ኣውሃሃዲ ኮሚቴ ኣቑምና ኣሎና። ንሳቶም ድማ፡ ሑሴን ኸሊፋ፡ መንግስተኣብ ኣስመሮምን ኑር መሓመድ ኢድሪስን ኢዮም።

***ሪፖርተር፡- ናይ ኣኼባኹም ቀንዲ ዕላማ ነቲ ተፈላልዩ ዝጸንሐ ኪዳን ንምትዕራቕ ምዃኑ ሓቢርኩምኒ። እቲ ጠንቂ ናይ ምፍልላይኩም'ከ ፈቲሽኩምዎ'ዶ?***

ኣቶ መንግስተኣብ፡- እወ ፈቲሽናዮ። ሓደ ካብ'ቶም ጠንቅታት ናይ ሕድሕድ ምትእምማን ዘይምህላው ኢዩ። እቲ ካልኣይ ጠንቂ ድማ፡ ፍልልያትና ኣብ ምምሕዳርን ምጽባብን ሕጽረት ስለዝበነበረና ኢዩ።

***ሪፖርተር፡- ጉድላት ናይ ምትእምማን ክብሉ ከለዉ እንታይ ማለቶም ኢዩ?***

ኣቶ መንግስተኣብ፡- ሓደ ውድብ ካብ ካልእ ውድብ ተፈንጪሉ ዝመጸ ስለዝኾነውን፡ ታሪኻዊ መንቀሊታት ዘለዎ ኢዩ። ሓድሓደ ፍልልያት እንተሎና ውን፡ ተኻኢሊና፡ ንፍልልያትና ኣወንዚፍና፡ ኣብ ዘሰማምዓና ነጥብታት ሓቢርና ክንሰርሕ ዘይምኽኣልና ኢዩ። ሕጂ ግን፡ ካብ'ዚ ተረድኦ'ዚ ተበጊስና፡ ናይ ነፍስወከፍ ውድብ ፖለቲካዊ ርእይቶታት ዘጽንዕ ኣሰናዳኢት ኮሚቴ መስሪትና ኣሎና። እዚ ኮሚቴ'ዚ፡ ኣብ መጨረሻ፡ መፍትሒታት ኢሉ ዝርእዮ ለበዋታት ኣብ ጉባኤ ከቕርብ ኢዩ። ፍልልያትና ክጸበብ ከምዝኽእል ድማ ተገንዚብና ኣሎና።

***ሪፖርተር፡- እቲ ጉባኤ፡ መንግስቲ ኣብ ስደት ክቕውም'ዩ ይብሃል። ሓቂ ድዩ?***

ኣቶ መንግስተኣብ፡- ዕላማ ናይ'ቲ ጉባኤ ንኹሎም ተቓወምቲ ውድባት ዝጥርንፍ ሓደ ጽላል ምቛም ኢዩ። በዚ ጽላል'ዚ ኣቢልና፡ ኩሉ ኣገባባት ናይ ቃልሲ እናተጠቐምና ነቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ምውዳቕ ኢዩ ዕላማና። መንግስቲ ኣብ ስደት ምምስራት ዝብል ጉዳይ ግን፡ ኣጀንዳ ናይ ኣኼባና ኣይነበረን። ኣብ ዝመጽእ ጉባኤ ክነልዕሎ ኢና ዝብል ኣጀንዳ ውን የብልናን። ምናልባት፡ ገለገለ ውድባት፡ ከም ናይ ውድቦም ርእይቶ፡ ኣልዒሎምዎ ክኾኑ ይኽእሉ።

***ሪፖርተር፡- ዂላትኩም እትሰማምዕሉ መርገጻት እንታይ እንታይ ኢዮም?***

ኣቶ መንግስተኣብ፡- ጠንቂ ናይ'ዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሽግራት፡ ዲክታተርያዊ ስርዓት ስለዝኾነ፡ ነዚ ስርዓት'ዚ ምልጋስ ዂላትና እንሰማምዓሉ ነጥቢ ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ኣብ ኤርትራ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ክትከል ኣለዎ ዝብል እምነት ኣሎና።

***ሪፖርተር፡- ንስርዓት ሻዕብያ፡ ብኸመይ ከተልግስዎ ከምእትደልዩ ሓደ ዂሉኹም እትሰማምዕሉ ስትራተጂ ኣሎኩም'ዶ?***

ኣቶ መንግስተኣብ፡- ከመይ ይውገድ ኣብ ዝብል ሕቶ ዝተፈላለዩ ውድባት ዝተፈላለየ ስትራተጂ ኣለዎም። ገለገለ ውድባት ብሰላማዊ ኣገባብ ጥራሕ ዝብሉ ኣለዉ። ካልኦት ድማ፡ ብብረታዊ ተጋድሎ (ብዓመጽ) ዝብሉ ኣለዉ። እቲ ብዓመጽ ክቕየር ኣለዎ ዝብል ሽነኽ፡ እዚ ስርዓት'ዚ ስልጣኑ ብፍቶት ንህዝቢ ዘረክብ ኣይኮነን፤ ስለ'ዚ ሓይሊ ብምሕዋስ ጥራሕ ኢና ክነውግዶ እንኽእል ካብ ዝብል እምነት ኢዩ ዝነቅል። ስለ'ዚ፡ ነዚ ስርዓት'ዚ ንምልጋስ ዂሉ ዝከኣል ኣገባብ ቃልሲ (ብረታዊ፡ ሰላማዊ) ምጥቃም ዝብል ናይ ሓባር ተረድኦ ኣሎና።

***ሪፖርተር፡- ናይ ኤርትራ ፖለቲካዊ ውድባት፡ ካብ ኣኼባ ከይወጹ ኢዮም ዝፈናጨሉ፤ ስልጣን'ዮም ዝደልዩ ...ወዘተ ዝብሉ ወቐሳታት ይስምዑ ኢዮም***

ኣቶ መንግስተኣብ፡- እዚ ኣበሃህላ'ዚ ቅኑዕ ኣይኮነን። ፍልልያት፡ ኣባና ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ዂሎም ኣብ ፖለቲካዊ መዳያት ዝነጥፉ ሸነኻት ዘሎ ባህርያዊ ነገር ኢዩ። ስለ'ዚ፡ ኣባና ውን ምርኣዩ ዘገርም ኣይኮነን። ካብ ኣኼባ ከይወጹ ኢዮም ዝፈላለዩ ዝብል ኣበሃህላ ቅኑዕ ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ ንኣብነት፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንክልተ ዓመታት ብሓደ

ቀጺሉ ኢዩ። ቅድሚኡ ዝነበረ ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ውን፡ ንኣርባዕተ፡ ሓሙሽተ ዓመታት ብሓባር ቀጺሉ ኢዩ። ሽግርና፡ ነቲ ዘጋጥም ፍልልያት ብኣገባብ ክንፈትሖ ዘይምኽኣልና ኢዩ። ፍልልያትና ድማ፡ ዝጋንንን ክጻበብ ዘይኽእልን ኣይኰነን። ንፖለቲካዊ ስልጣን ዝምልከት ድማ፡ ንሕና ፖለቲካ ንምስራሕ ዝተኣከብና ውድባት ደኣ'ምበር፡ ናይ ዕቑብ ማሕበር ኣይኰናን። ስለዝኾነ ድማ፡ ንፖለቲካ ካብ ስልጣን ፈሊኻ ምርኣይ ዘይከኣል ኢዩ። ንፖለቲካዊ ስልጣን ምቕላስ ድማ፡ ነውሪ ኣይኰነን። ነውሪ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ብዘይ ኣገባብ ስልጣን ክትሕዝን፥ ንስልጣንካ ኣብ ውልቃዊ ረብሓታትካ ከተውዕሎ ምፍታንን ኢዩ። ናይ ፖለቲካ ውድባት ስለዝኾና፡ ኣብ መንጎና ናይ ፖለቲካ ውድድርን ምውጣጥን ክህሉ ባህርያዊ ኢዩ።

**ሪፖርተር፡- ኵሉኹም መራሕቲ ክትኰኑ ኢኹም ትደልዩ። እዚ"ኸ ባህርያዊ ድዩ?**

ኣቶ መንግስተኣብ፡- እዚ ውን መሰል ናይ ዝኾነ ይኹን ዜጋ ኢዩ። ዝኾነ ሰብ መራሒ ክኸውን ምድላዩን፥ ንቦታ መሪሕነት ምውድዳሩን ሓጥያት ኣይኰነን። ግን ብኸመይ ዝበለ ኣገባብ ክኸውን ኣለዎ? ትካላዊ ዝኾነ ኣሰራርሓ ክህልወና ኣለዎ። በዚ ኵሉ መራሒ ክኸውን ስለዘይክእል፡ ብዙሓት ዝተቐበልዎ ወይ ዝደገፍዎ ባእታ መራሒ ክኸውን ኢዩ። ኵላትና ድማ ንህንጻ ሕግና ምእዙዛት ክንከውን ይግባኣና። እዚ ኢዩ እቲ ዝድለ ቀንዲ ነገር።

**ሪፖርተር፡- ን30 ዓመት ንናጽነት ናይ ህዝቢ ዝተጋደሉ ኢሳያስ ተመሊሶም ንህዝቦም ካብ ጨቈኑ፡ ንስኻትኩም ከምኡ ከይትገብሩ ህዝቢ እንታይ ውሕስነት ኣለዎ?**

ኣቶ መንግስተኣብ፡- ህዝቢ ኤርትራ ጥራሕ'ዩ ናይ ገዛእ ርእሱ ዋሕስ። ካልእ ዋሕስ ክኾኖ ዝኽእል ኣካል የለን። ኢሳያስ፡ ስለምንታይ ኢዩ ንኤርትራ ኣብ'ዚ ሕማቕ ኵነታት'ዚ ኣውዲቕዋ እንተደኣ ዝበል ሕቶ ኣልዒልና፤ መልሱ፡ ህዝብና ኣብ ኢሳያስ ምሉእ እምነት ስለዘንበረ ኢዩ በሃላይ ኢየ። ስለዝኾነ ድማ፡ ኣባና ውን ምሉእ እምነት ክንብር የብሉን። ህዝቢ ባዕሉ ኣብ'ቲ ቃልሲ ክሳተፍ ኣለዎ። ኣብ ልዕሌና ዘድሊ ምክትታልን ምቍጽጻርን ክገብር ክኽእል ኣለዎ። ናይ ኤርትራ ህዝቢ ባዕሉ ኢዩ ናይ መጻኢ ዕድሉ ክውስን ዘለዎ።

**ሪፖርተር፡- ሕጂ ግን፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር፡ ዝኾነ ይኹን ተቓውሞ ክግበር ኣይስምዓን ኢዩ?**

ኣቶ መንግስተኣብ፡- ናይ ተቓውሞ መግለጺታት ብዙሕ ኢዩ። ህዝቢ ኣይቃወምን'ዩ ዘሎ ዝብል ኣረዳድኣ ክህልወና የብሉን። ህዝቢ ኤርትራ ዓቕሙ ዘፍቀዶ ተቓውሞታት ይገብር ኣሎ። ስቕ ምባል ውን ንገዛእ ርእሱ ተቓውሞ ኢዩ። ኤርትራውያን መንእሰያት በብእዋኑ፡ ንስደት ከምርሑ ይርኣዩ ኣለዉ። ስለምንታይ ይስደዱ ኣለዉ እንተደኣ ኢልና፡ ካብ'ቲ ብስርዓት ኢሳያስ ዝወርዶም ዘሎ ግፍዕታት ንምምላጥ ምዃኑ ብሩህ ኢዩ። ብዙሓት ጋዜጠኛታት ተቐቲሎምን ተኣሲሮምን ኢዮም። መንእሰያት ውን ከምኡ። ናይ ተቓውሞ ደረጃታቶም ደኣ ክፈላለ ይኽእል እምበር፡ ኵሎም ሕብረተ-ሰብኣዊ ክፍልታት ኤርትራ ይቃወሙ ኢዮም ዘለዉ። ካልእ ኣብ ግምት ክኣቱ ዘለዎ ነጥቢ ውን ኣሎ። ህዝቢ ኤርትራ ስለምንታይ ብብረት ዘይቃውም ንብል እንተደኣኰና፡ ህዝቢ ኤርትራ ን30 ዓመታት ብረታዊ ተጋድሎ ከካይድ ዝጸንሐ ህዝቢ ምዃኑ ክንዝንግዕ ኣይግብኣናን። ድኻም ኣሎ። ድሕሪ ናይ 30 ዓመታት ተጋድሎ፡ ሰላምን ብልጽግናን ክርኢ ዝብህግ ዝነበረ ህዝቢ ዕላማታቱ ተቘጺዩ ኣሎ። ዝነበሮ ትጽቢታት ስለዘይተማልአ፡ እንደገና ንሓድሽ ተጋድሎ ክብገስ ቀሊል ኣይኰነን። ምሉእ ህይወቶም ዝተቓለሱ'ዶ እንታይ ረኺቦም ኢዮም? ገሊኦም ተቐቲሎም፡ ገሊኦም ተኣሲሮም፡ ገሊኦም ድማ ተሰዲዶም እናርኣየ፡ "ተጋዲልካ ዝመጽእ ጥቕሚ የለን" ዝብል ስምዒት ክሓድሮ ግድን ኢዩ። ስለ'ዚ፡ ድኻምን ተስፋ ምቝራጽን ከምዘሎ ውን ኣብ ግምት ምእታው ዝግባእ ኢዩ ዝመስለኒ።

**ሪፖርተር፡- ንኢትዮጵያ ከም ናይ ቃልሲ ቦታ ክትኰነኩም ዝመረጽኩም ይመስለኒ። እቲ ኣብ**

***መንገዶ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ሕማቕ ዝምድና ንተቐባልነትኩም ብኣሉታ ክጸልዎ'ዶ ኣይክእልን?***

ኣቶ መንግስተኣብ፡- ብመሰረቱ ናትና ቀዳማይ ምርጫን ድሌትን ኣብ ውሽጢ ሃገርና ኰይና ክንቃለስ ኢዩ። እንተኾነ ግን፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ነዚ ዘፍቅድ ኣይኰነን። ካብ ናቱ ፍልይ ዝበለ ርእይቶ ኣብ ኤርትራ ክስማዕ ኣይደልን ኢዩ። ስለ'ዚ፡ ካብ ሃገርና ወጺኢ ኰይና ክንጋደል ዝገበረና ምኽንያት ተገዲድና ድኣ'ምበር፡ ናትና ምርጫ ስለዝኾነ ኣይኰነን።

ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ኣቦታትና ክምስሉ እንከለዉ፡ "ካብ ናይ ርሑቕ ዘመድስ፡ ናይ ቀረባ ጐረቤት" ይብሉ። ስለ'ዚ፡ ኣብ ኤርትራ ለውጢ ክነምጽእ እንተደኣኰይና፡ ካብ ጐረባብትና ዝኾኑ ሃገራት ክንርሕቕ የብልናን። ካብ'ዚ፡ ናብ ሃገርና ሰሊኹና ክንኣቱ ንኽእል። ሕጂ ውን፡ ሰሊኹና እናኣቶና መጽሔታት ንዝርግሕን ምስ ህዝብና ንራኸብን ኢና። ነዚ ንምግባር ድማ፡ ካብ ኢትዮጵያ ንላዕሊ ዝምረጽ ካልእ ቦታ የለን። ኣብ ኢትዮጵያ ብምህላውኩም፡ ናይ ህዝብኹም ደገፍ ክስእኑኩም ኣይኽእልን'ዶ ንዝብል ሕቶኻ፡ ስርዓት ኢሳያስ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ብምህላውና ጥራሕ ብኽድዓት እናኸሰሰ ካብ ህዝብና ክርሕቐናን ምስ ህዝብና ክጻልኣናን ኣይፍትንን ኢዩ፤ በዚ ዝደናገር ሰብ ውን የለን ኣይንብልን ኢና። ንሕና ግን፡ በዚ ተሰናቢድና፡ ነቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ምቹእ ናይ ቃልሲ ዕድል ራሕሪሕናዮ ክንከይድ ኣይግባእን። ኢትዮጵያ ንኤርትራ ክትወራ'ያ፡ መሬትና ክትወስደልና ትደሊ ኣላ ….ወዘተ ዝብል ኣገላልጻ ስርዓት ሻዕብያ፡ መሰረት ዘይብሉ ፕሮፓጋንዳ ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ፈቲና ጸሊእና፡ ንኤርትራ ዝሓሸት ጐረቤት ሃገር ኢትዮጵያ ኢያ። ሻዕብያ፡ ከም'ዚ ዝብል ፕሮፓጋንዳ እኳ ዝነዝሕ እንተኾነ፡ ብኣንጻሩ፡ ብናጽነት ናይ ኤርትራ ዘይኣምኑ ሓይልታት ኢዩ ክኣኻኽብን ክድግፍን ዝርአ ዘሎ። እዚ ውን ጠፊእዎ ዘይኰነስ፡ ከም መሳርሒ ክግልገለሎም ስለዝደለየ ጥራሕ ኢዩ። ስለ'ዚ፡ ንሕና ናይ ኤርትራ ናጽነትን ህልውናን ዝኣምን ሓይሊ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ስልጣን ክሳዕ ዝሃለወ፡ ኢትዮጵያ ምችእቲ ናይ ቃልሲ ስትራተጂካዊት ቦታና ኢያ ኢልና ኢና እንኣምን። ብተወሳኺ፡ ኤርትራ ካብ ምስ ኢትዮጵያ ዘለዋ ዝነውሕ ዶብ ዘለዋ ካልእ ሃገር የላን። እዚ ንገዛእ ርእሱ ብዙሕ ጥቕምታት ዘለዎ ኢዩ። ስለ'ዚ፡ ኢትዮጵያ ስራሓትና ብኣድማዕነት ከነካይደላ እንኽእል ሃገር ኢያ።

***ሪፖርተር፡- ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ስርዓት ብናጽነት ክትንቀሳቐሱ'ዶ የፍቅደልኩም? ንኣብነት ከም ኤርትራውያን መጠን ንኢትዮጵያ ዝጻረር መርገጻት ክትሕዙ ትኽእሉ'ዶ?***

ኣቶ መንግስተኣብ፡- ክሳብ ሕጂ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝተገብረልና ዝኾነ ይኹን ተጽዕኖ የለን። ናጻ መርገጽ ክንሕዝ፡ ናጻ ርእይቶና ክንገልጽን፡ ብናጽነትን ክንንቀሳቐስን መሰል ኣሎና። ንኣብነት፡ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት፡ ኣብ ጉዳይ ዶብ ዘሎና መርገጽ ክንገልጽ ጸኒሕና ኢና። ውግእ ኣብ ዝተባርዓሉ እዋን ውን ክልቲኦም መንግስታት ጌጋ ይፍጽሙ ኣለዉ ኢልና ገሊጽና ኢና።

***ሪፖርተር፡- ኣኼባኹም ምስ ወዳእኩም ምስ ዓበይቲ ሰበ-ስልጣን ናይ ኢትዮጵያ ተራኺብኩም ዝብል ሓበሬታ ኣሎ?***

ኣቶ መንግስተኣብ፡- መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ እቲ ኣብ ኪዳን ዘጋጠመ ምፍንጫል፡ ንህዝብን ፈተውትን ኤርትራ ዘሰንበደን ተስፋ ዘቝረጸን ተረኺቦ'ዩ ዝብል ገምጋም ነይርዎም። ሕጂ ግን፡ ነዚ ተረኺቡ ዝነበረ ምፍንጫል ብናትና ተበግሶን ብናትና ጻዕርን ምፍታሕና ከምዘሐጐሶም ኢዮም ገሊጾምልና።

***ሪፖርተር፡- ናይ ኢትዮጵያ መንግስቲ ዝግባእ ደገፍ የበርክተልና ኣሎ ኢልኩም'ዶ ትኣምኑ?***

ኣቶ መንግስተኣብ፡- ንሕና፡ ካብ'ቲ ዝግበረልና ዘሎ ደገፍ ንላዕሊ ክግበረልና ኢና ንደሊ። እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝፍጸም ዘሎ በደልን ግፍዕን መንግስትን ህዝብን ኢትዮጵያ ይምልከተና ኢዩ ኢሎም ካብ'ዚ ንላዕሊ ክዋስኡ ከምዝግባእ ኢየ ዝርኢ። ብኻልእ

ሸነኽ ግን፡ ኢትዮጵያ ድኻ ሃገር ኢያ። ብዙሕ ውሽጣዊ ሽግራት ውን ኣለዋ። ስለ'ዚ፡ ንውሽጣዊ ሽግራታ ቀዳምነት ክትህብ ከምዘለዋ ንርዳእ ኢና። እንተኾነ ግን፡ እዚ ኣህዛብ'ዚ ሓደ ኢዩ። ክልቲኡ ኣህዛብ ብሓባር ንኽድሚት መታን ክሰጉም ኣብ ኤርትራ ዘሎ ጭቆና ተወጊዱ ልክዕ ከም'ቲ ኣብ ኢትዮጵያ ተፈጢሩ ዘሎ ጽቡቕ ዕድል መታን ክፍጠር፡ ናይ ኢትዮጵያ ደገፍ ክዛይድ ኣለዎ።

***ሪፖርተር፡- ብናትኩም ገምጋም፡ ፕረሲደንት ኢሳያስ፡ ንኢህወደግ ካብ ስልጣን ክወርድ ዝደሊ ኰይኑ'ዶ ይስምዓኩም?***

ኣቶ መንግስተኣብ፡- ቀንዲ ዕላማኡ ንሱ ኢዩ። ንኢህወደግ ካብ ስልጣን ከውርድ ዘይፈንቀሎ እምኒ የብሉን። ናይ'ቲ ስርዓት ናይ ዜና ማዕከናት ኣትኩሮኦም ኣንጻር ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ኢዩ።

***ሪፖርተር፡- ስለምንታይ? ኢህወደግ እኮ ብናጽነት ናይ ኤርትራ ዝኣምን ሓይሊ ኢዩ።***

ኣቶ መንግስተኣብ፡- ናይ ስርዓት ኢሳያስ ገምጋም ድማ ዝተፈልየ ኢዩ። ኢህወደግ እንተደኣ ወዲቑ ኢትዮጵያ ክትበታተን ኢያ ዝብል እምነት'ዩ ዘለዎ። ብድሕሪ'ዚ፡ ንኤርትራ እተሰግእ ኢትዮጵያ ኣይክትህሉን ኢያ ኢዩ ዝብል። ስለ'ዚ ድማ'ዩ፡ ንውድቀት ናይ ኢህወደግ ዝምነ። ነዚ ንምርግጋጽ ድማ ብግብሪ ይንቀሳቐስ ኣሎ።

***ሪፖርተር፡- ህዝቢ ኤርትራ፡ ሕጂ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ኩነታት ክርኢ እንከሎ ኣየጣዕሶን'ዶ?***

ኣቶ መንግስተኣብ፡- ኣየጣዕሶን ኢዩ። ናይ ህዝቢ ኤርትራ ሕቲ ናይ መግዛእትን ናይ ናጽነትን ሕቶ'ዩ ነይሩ። ናጽነት ክበሃል እንከሎ ግን ባንዴራ ምስቃል ጥራሕ ማለት ኣይኰነን። ዲሞክራስያዊ ስርዓትን ምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን ውን ዘጠቓልል ኢዩ። እዚ ክረጋገጽ ነይርዎ። ናጽነትና እኳ ክንጐናጸፍ እንተበቓዕና፡ ናይ ዲሞክራስን ፍትሕን ናጽነትን ዕላማታትና ጌና ኣይተረጋገጹን። ዕላማና ድማ፡ ነዚ ዕንቅፋት'ዚ ኣልጊስና ትጽቢት ናይ ህዝብና ምምላእ ኢዩ። እዚ ስለዘኾነ፡ ህዝቢ ኤርትራ ናጻ ምውጻኡ ኣየጠዕሶን ኢዩ። ቃልሱ ክቕጽል ኢዩ ዘለዎ። እዚ'ዩ ርእይቶና።

***ሪፖርተር፡- ኤርትራውያን ካብ ታሪኽ እትምሃርዎ ተመኩሮ እንታይ ኢዩ?***

ኣቶ መንግስተኣብ፡- ካብ ታሪኽ ዝቕሰምናዮ ቀዳማይ ትምህርቲ፡ ሓደ ዕላማ ክዕወት እንተደኣኰይኑ፡ ናይ መላእ ህዝቢ ተሳትፎ ከምዝድሊ ኢዩ። ዝኾነ ይኹን ብትእዛዝ መልክዕ ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ዝወርድ ነገር መወዳእታኡ ፍሽለት ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ህዝቢ ኣብ ሓደ ውልቀ-ሰብ ፍጹም ኣምልኾ ክሕድር የብሉን። ኩሉ ነገር እቲ መራሒ ክፍጽሞ ኢዩ ዝብል እምነት ምሕዳር፡ ቅኑዕ ኣይኰነን። ከም ኣምልኾ ኢዩ ዝቝጸር። ኣብ ኤርትራ ዘጋጠመ ሽግር ድማ እዚ ኢዩ። ካልእ ካብ ተመኩሮና ዝተመሃርናዮ ድማ፡ ውግእ መፍትሒ ከምዘይኰነ ኢዩ። ኣብ ውግእ ስዓርን ተሰዓርን የለን። ክሉ ከሳራይ ኢዩ።

***ሪፖርተር፡- ምስ ኣመሪካ ዘለኩም ዝምድና እንታይ ይመስል?***

ኣቶ መንግስተኣብ፡- መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራን ከባቢናን ናይ ሽበራ ተግባራት ይፍጽም ምህላዉ ብሩህ ኢዩ። ስለ'ዚ መንግስቲ ኣመሪካ ነዚ ስርዓት'ዚ፡ ኣብ ሊስታ ናይ ኣሸበርቲ ንምእታው ዘካይዶ ዘሎ ፈተነታት ንድግፎ ኢና። እንተኾነ ግን፡ እቲ ዝውሰድ ስጉምትታት ኣንጻር ቶም ሰበ-ስልጣን ጥራሕ ዘነጻጸረ ክኸውን ኣለዎ። ንህዝቢ ኤርትራ ዝጐድእ ስጉምቲ ክይወስዱ ክጥንቀቑ ኣለዎም።

ምስ ኣመሪካ ዘሎና ዝምድና ጽቡቕ ኢዩ። ቅድም ክብል፡ ኣነ ንባዕለይ ምስ ግለገለ ሰበ-ስልጣን ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጒዳያት ኣመሪካ ተራኺበ ነይረ። ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ድማ፡ ናይ ቅድም ሚኒስተር ምክልኻል ዝነበረ ሓው መስፍን ሓጐስ ምስ ጃንዳይ ፍረይዘር ተራኺቦ ነይሩ። ብዛዕባ መንግስቲ ኣመሪካ ንተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ክገብሮ ዝግባእ ደገፋት ድማ ተዘራሪቦም።

# ክሲ ብኽሲ ኣይዳቐስን ኢዩ፤
# ክልተ ጌጋ ተደማሚሩ ድማ፡ ሓደ ሓቂ ኣይከውንን ኢዩ

ዓሌታዊ ወይ ኤቲንካዊ፡ ሃይማኖታዊ፡ ደርባዊ፡ ጾታውን ካልኦት ናይ ረብሓን ኣርኣእያን ግርጭታትን ፍልልያትን (conflicts/ contradictions) ካብ ጥንቲ ኣትሒዞም ዝጸንሑን ክሳዕ ሕጂ ዘለዉን ኣካላዊ መለለዪታት ማሕበራዊ ህይወት ናይ ደቂ ሰባት ኢዮም። እዞም ፍልልያት እዚኣቶም ንገዛእ ርእሶም ወይ ንበይኖም ናብ ዓመጻዊ ጉነጻት ወይ ውግኣት ኣየብጽሑን ኢዮም። ሕጽረት ናይ ጸጋታት፡ ዘይምዕሩይ ኣዘራጋግሓ ናይ ሃብትን ስልጣንን፤ ኣድልዎ ...ወዘተ ኣብ ዝህልወሉ እዋን ግን፡ እዞም ፍልልያት እዚኣቶም ናብ ዓመጻዊ ጉነጻት ክሰጋገሩ ይኽእሉ ኢዮም። ብኻልእ ኣገላልጻ፡ ስእነት ናይ ማሕበራዊ ፍትሕን ውሕሉል ምምሕዳርን (good governance) ደኣ'ዩ መሰረታዊ ናብ ዓመጻዊ ጉነጽ ዘብጽሕ ጠንቅታት እምበር፡ እቲ ናይ ደቂ ሰባት ዓሌታውን ሃይማኖታውን ጾታውን ፍልልያት ንበይኑ ወይ ንባዕሉ ኣይኮነን። ዲሞክራስን ውሕሉል ምምሕዳርን እንተደኣ ሰፊኑ ፍልልያት ብሰላማውን ማዕርነታውን ኣገባብ ክመሓደሩን ክእለዩን ይኽእሉ ኢዮም። ጭቆና: ምልኪ፡ ምግላልን ኣድልዎን ኣብ ዝነገሶ ሕብረተ-ሰባት ግን ብኣንጻሩ፡ ናይ ዓሌታት፡ ሃይማኖታት፡ ደርብታት፡ ጾታታት ፍልልያት ናብ ዓመጻዊ ጉንጽታት ክምዕብል ባህርያውን ግድነታውን ኢዩ።

ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ነዚ ኣብ ከንያ ብሰንኪ ፕረሲደንታዊ ምርጫታት ዝተጋህደ ዓሌታዊ ጉንጽታት፡ ኣይበልናኩምን'ዶ ብዝዓይነቱ ቃና፡ ነቲ ጸረ ዲሞክራሲ ዝኾነ መርገጻቱ ከመሳምስሉ ፈቲኑ ኢዩ። ብኻልእ ኣገላልጻ፡ ኣብ ከንያ ዝተጋህደ ዓሌታዊ ጉንጽታት መንቀሊኡ ምርጫታት ምፍቃድ ገይሩ ክገልጾ ተሰሚዑ ኢዩ። እቲ ሓቂ ግን፡ ንሱ ኣይኮነን። ጠንቂ ናይ'ዚ ጉንጽታት'ዚ፡ እቶም መራሕቲ ናይ'ቲ ክልተ ሰልፍታት ንዓሌታቶም ከም መሳርሒ ክጥቀምሉ ብምፍታኖም ዘሳወርዎ ሓዊ ደኣ'ምበር፡ እቲ ህዝቢ ባዕሉ ካብ ዓሌታዊ ፍልልያቱ ተበጊሱ ነንሕድሕዱ ንምፍላስ ስለዝተበገሰ ኣይኮነን። እዚ ህዝቢ'ዚ ንነዊሕ ዓመታት ተኸባቢሩ ክነብር፡ ነንሕድሕዱ ክዋሰብን ዝጸንሐ ህዝቢ ምዃኑ ኣሉ ዘይበሃል ሓቂ ኢዩ።

ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ኣብ ከንያ ዓሌታዊ ጉንጽታት ስለዝተራእየ፡ ኣብ ኤርትራ ውን ከምኡ ክኸውን'ዩ ናብ ዝብል መደምደምታ ምብጻሕ ኣይከኣልን ኢዩ። ህዝቢ ኤርትራ ንኣሽሓት ዓመታት ብዘይዝኾነ ይኹን ጸገም ተኻኢሉን ተኸባቢሩን ክነብር ዝጸንሐ ህዝቢ ኢዩ። ናይ ዓሌት ይኹን ናይ ሃይማኖት ጉንጽታት ኣብ ታሪኹ ኣይነበረን እንተበልና ውን ምግናን ኣይኮነን። ብሰንኪ ስርዓት ኢሳያስ ክኽተሎ ዝጸንሐን ዘሎን ናይ ከፋፊልካ ግዛእ ሜላታትን፡ ኣድልዎን ዓፈናን ግን፡ ንብድሕሪ ሕጂ ክመጽእ ኣይክእልን'ዩ ኢልካ ኣፍካ መሊእካ ምዝራብ ኣይከኣልን ኢዩ። ሶማልያ ውን፡ ስርዓት ዝያድ ባረ ክሳብ ዝወድቕ፡ ሰላም፡ ስኒት ዝሰፈና ሃገር'ያ ትመስል ነይራ። እቲ ድሕሪ ውድቀቱ እተባርዐ ዓሌታዊ ጉንጽታት፡ ሽዑ ዝተፈጥረ ዘይኮነስ፡ ዝያድ ባረ ኣብ ስልጣን እንከሎ ፈኺም እናበለ ክቕጽል ዝጸንሐ ዓሌታዊ ፍልልያትን ምቅሕሓርን ኢዩ ነይሩ።

ኣብ ዓሌታዊት ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ዝነበረ ዓሌታዊ ዓመጻዊ ጉንጽታት፤ ኣብ ሩዋንዳ ብናይ ሁቱ ሚሊሻታት እተፈጸመ ናይ ቱትሲ ብሄር ምጽናት፤ ኣብ ሱዳን ኣብ ግዜ መለኺ ስርዓት ኑመሪን ቅድሚኡን ዝነበረ ናይ ሕድሕድ ዓሌታዊ ውግኣት፤ ኣብ ሶማልያ ብሰንኪ ስርዓት ዝያድ ባረ ዝተኸተሎ ዓፈናን ጭቆናን ዝሰዓበ ዓሌታዊ ጉንጽታት፤ ኣብ ኮንጎ ክርእ ዝጸንሐን ዘሎና ውግኣት፤ ኣብ ናይ ቀደም ዩጎዝላቪያ፡ ኣብ ዒራቕ .... ወዘተ ዝተጋህደ ዓሌታዊ ጉንጽታት፡ መንቀሊኦም ምልክን ጭቆናን ኣድልዎን'ዶ ኣይኮነን።

ስርዓት ኢሳያስ፡ ኣብ ሕብረ-ብሄራዊ ዝኾኑ

ሃገራት፡ ዲሞክራሲ ይኹን ምርጫታት ናብ ሕንፍሽፍሽን ዓሌታዊ ጐንጽታትን ስለዝመርሕ ክፍተን ውን የብሉን ኢዩ ዝብል። መተካእታኡ'ኸ እንታይ ኮን ይኸውን? ሰላምን ስኒትን ዘስፍን በትሪ'ዩ ማለት ድዩ?

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ዲሞክራሲ መስርሕ ምዃኑ'ዩ ዝኣምን። እዚ መስርሕ፡ ህዝቢ ባዕሉ ንባዕሉ ዝምሓደረሉ ኣገባብ ኰይኑ፡ ብዙሕ ሓጐጽጐጽ፡ ክብን ለጠቕን፡ ምግጋይን ምእራምን፡ ምትላልን ሓቂ ምውጻእን ወይ ምቕላዕን ዘለዎ፡ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናማዕበለን እናዓኾኾን ዝመጽእ ሓሳብን ተግባርን፤ እናሰፍሐ ዝኸይድ ህዝባዊ ተሳትፎን ትካላዊ ኣሰራርሓን፡ ሱር እናሰደደ ዝኸዓዝ ንግስነት ግዝኣተ-ሕግን ዘረጋግጸሉ ስርዓትን ምዃኑን ደኣ እምበር፡ ብሓደ ለይቲ ወይ ብሓደ መዓልቲ ካብ ሰማይ ከም ማና ዱብ ኢሉ ዝወርድ፥ ወይ ድማ፡ ከም ከኒና፡ ብመምርሕን ትእዛዛትን ናይ ዲክታቶርያውያን ዝዕድል ከምዘይኰነ ኢዩ ዝኣምን። ናይ ዓለምና ተመኩሮ ድማ፡ ነዚ ሓቂ'ዚ ኢዩ ዘረጋግጽ። ዋላ ኣብ'ተን ምዕቡላት ሃገራት ምዕራብ ውን እንተኾነ፡ ዲሞክራሲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ክምዕብልን ክሰፍሕን ዘለዎ ኣምር ደኣ'ምበር፡ ኣብ ናይ መወዳእታኡ ሸቶኡ ዝበጽሐ ዝተወድአ ዕላማ ገርና ኣይንርድኦን ኢና።

ስርዓት ኢሳያስ፡ ንዲሞክራሲ፡ ሰብኣዊ መሰላት፡ ምርጫታት ...ወዘተ ዝምልከት ክሲ ክቐርበሉ እንከሎ፥ እወ ገይረ ወይ ኣይገበርኩን፤ ቅኑዕ ኢየ ወይ ኣይኰንኩን ኣብ ክንዲ ምባል ንክሲ ብኽሲ፡ ንሕቶ ብሕቶ ክምልስ ኢዩ ዝርአ። ናቱ ገዲፉ፡ ብዛዕባ እንዳሓማቲ'ዩ ዝዛረብ። ኣብ ኣመሪካ ሰብ ኣብ ደገ ይሓድርን ይቕተልን እንዶ የለን፡ ኣብ ህንዲ ዘይቕረቡ ዝብሃሉ ዓሌት (The untouchables) ኣለዉ እንድዮም፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተኻየደ ምርጫ ምድንጋራት ነይርዎ ኢዩ፡ ኣብ ከንያ፡ ዓሌታዊ ምቕትታል ኣስዒቡ እንድዩ፡ ኣብ ፓኪስታን ኣሸበርቲ ኣለዉ እንድዮም ...ወዘተ ዝብሉ መልስታት ኢዩ ዝህብ። እቲ ኣብ ኤርትራ ዘየለ ኣብ'ዘን ሃገራት እዚኣተን ዘሎ፡ ከም ቅዋም፡ ናጽነት ናይ ፕረስ፡ ግዝኣት ሕጊ፡ ተወዳደርቲ ፖለቲካዊ ውድባት ዝሳተፍሉ ፓርላማታት ... ወዘተ ዝኣመሰሉ ጽቡቓት ነገራት ክዛረበሉ ኣይደልን ኢዩ። ናይ ካልኦት ክፋእ ብምዝርዛር፡ ንኣእሙሮን ዓይንን ኤርትራውያን ደፊኑ፡ ሃገርና ጽቡ'ቕ'ያ ዘላ፡ ካባና ንላዕሊ ዝኸፍኦም ኣህዛብ እባ ኣለዉ ኢዮም ዝብል ግጉይ ተረድኦ ንኸሐድር ዘይፍንቅሎ እምኒ የለን።

ሰብ ዝቐተለ፡ ፍርዲ ተዋሂብዎ ይቕጻዕ ድኣ'ምበር፤ ኣብ ካልኦት ሃገራት ውን ሰብ ይቕተል ስለዘሎ ናጻ ኢኻ ኣይበሃልን ኢዩ። ኣመሪካ፡ ጌጋ እንተደኣ ፈጺማ፡ ብጌግኣ ክትክሰስን ክትቕጻዕን ኣለዋ ደኣ'ምበር፤ ኣመሪካ ስለዝተጋገየት ኩላትና ክንጋገ መሰል ኣሎና ማለት ኣይኰነን። ንሕና ውን ከም ሃገር ይኹን ከምዜጋታት ብጌጋታትና ክንክሰስን ክንቕጻዕን ከምዘሎና ርዱእ ነገር ኢዩ ዝመስለና። ብኻልእ ኣገላልጻ፡ ክሲ ብ'ክሲ ኣይዳቐስን ኢዩ፤ ክልተ ጌጋ ተደማሚሩ ድማ፡ ሓደ ሓቂ ኣይከውንን ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ስርዓት ብኢሳያስ፡ ኣብ ዓይኑ ዘሎ ጕንዲ ገዲፉ፡ ብዛዕባ ኣብ ዓይኒ ካልኦት ሃገራት ዘሎ በሰር ምዝራብ እንተዝገድፍ፡ ኤርትራ ካብ'ዚ ኣትያቶ ዘላ ዓዘቕቲ ወጺኣ፡ ንቕድሚት ምሰጕመትን፡ ህዝባ ዝሕበንላ ኣገዳሲት ኣካል ኣህጕራዊ ማሕበረ-ሰብ ድማ ምኾነትን ነይራ።

## "ንቡር ሓዘንን ሓመድ-ድበን ዘይረኸበት ነብሲ" ንኣምን ከበደ ኣብ ክልተ ዓመቱ

ከምቲ ውሕጅ ኪድ ኔሩ ኣብ መውዳእታ ዘዕርፍ፡ ሰብ ውን ኣማስይኡ ንብር ኔሩ፡ ይስወር ይሓልፍ። ሕግታታ ከም እንፈልጦ፡ እዛ እንነብረላ ዓለም ንግዚኡ ክንቅመጠላ ዝተመደበትልና እምበር ክሳብ ጫፍ ዘልኣለም ኣብ ልዕሊኣ ክንቅመጥ ንማንም ይኹን ካባና ኣይተፍቅድን እያ። ንነፍስ-ወከፍና ከኣ ምስኣ ከንደይ ከም እንጸንሕ ኣቀዲማ ኣብ ማህደራ ኣስፊራቶ እትጸንሕ ዓይንና ዘየርክቦ ስዉር ዝኾነ ምስጥር እዩ። ኣብ መውዳእታ ግን ካብኣ ዝፈልየና ግን'ከ ዘይተርፈና ሞት፡

ዘይኮነ ዘገድስ፡ እንታይ ደኣ ዓይነት ኣማውታ እዩ። ጽቡቕን ሕማቅን ንመፍለዪ ነገራት ጥራይ ተሓዚኡ ዝተርፍ መግለጺ ኣይኮነን፡ እንታይ ደኣ ኣብ ሞት ውን ጽቡቅን ሕማቅን ኣሎ። ኣማውታ ብዙሕ'ዩ ዓይነቱ ገለ ብማይ ገለ ብዕብየቱ ከምዝተባህለ፡ ኩሉ ዓይነት ሞት ሞት ይኹን ደኣ'ምበር፡ ሕማቅ ኣማውታ ግን ድርብ ሞት ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ኣብ ኣእምሮ ንመዋእል ዘይሃስስ በሰላ ገዲፉ ዝሓልፍ እዩ።

ዲክታቶራዊ ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ውሽጢ ህዝብና ሰፍ ዘይብል በደላትን ግፍዕታትን ፈጺሙን ብቀጻሊ ይፍጽም ከም ዘሎን ካብ ዓይኒ ኩላትና ዝስወር ሓቂ ኣይኮነን። እዚ ንዜጋታቱ ኣብ ክንዲ ብሕጊ ብበትሪ ዝገዝእ ዘይዕጉስን ቀይዲ-በተኽን ዝኾነ ዲክታቶራዊ ጀንዳ ኢሳያስ፡ ስልጣኑ ንኽየድፍርን ከይተደንደነ ንመዋእል ንኽነብርን ብምባል፡ ምእሳርን ምርሻንን ምቅንጻልን ከም ልሙድ ዕለታዊ መሳርሒኡ'ዩ ዝጥቀመሉ።

ንሎሚ ኣብዛ ጽሑፍና “ንኣምን ኣብ ክልተ ዓመቱ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፡ ብኣጋጣሚ ካልኣይ ዓመት መርሸንቲ ንኣምን ከበደ፡ መንግስተ ሰማይ የዋርሶ እናበልና፡ ንሓጺር ታሪኽ ህይወቱን ኣገባብ ኣረሻሽናኡ ዝምልከት ጽማቕ ነቕርበልኩም።

ሰናይ ንባብ..................

ንኣምን ከበደ ሓጎስ፡ ዋላኳ ዝተወልደሉ መዓልትን ወርሕን ብርግጽ ክንበጽሖ እንተ ዘይከኣልና፡ ቦታን ዓመተ ትውልዱን ግና፡ ኣብ 1983 ኣብ ሱዳን እዩ ተወሊዱ። መባእታ ትምህርቱ ኣብ ቤት-ምህርቲ ስደተኛታት ወዲሸሪፈይ ድሕሪ ምውዳእ ማእከላይ ትምህርቱ ከኣ ኣብ ከሰላ ድሕሪ ምዝዛም፡ ኣብ 1997 ስድራቤቱ ጠቕሊሎም ንኤርትራ ምስ ስለኣተዉ፡ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ሳግም ተሰነይ ቀጸለ። ኣብ 2004 ልዑል ነጥቢ ብምምጻእ ድማ፡ ናብ ኮሌጅ እንስቲትዩት ኦፍ ተክኖሎጂ ማይ-ነፍሒ ተጸንበረ። ንኣምን በሊሕን መስተውዓልን ኣብ ብትምህርቱ'ውን ኣዝዩ ግዱስን ንፉዕን ምንባሩ፡ ብኣገባቡ ኣመሃህራን ኣተሓሕዛን ሓፈሻዊ ሂወትን ናይቲ ወተሃደራዊ ኮሌጅ ስለ ዘይዓገበ፡ እቲ ቦታ ፍልጠት ንምቕሳም ዘይኮነስ ግዜኻ ንምቕሃም ዝተወጠነ ማሕዩር ምዃኑ ድሕሪ ምግንዛብ፡ ነቲ ልዕሊ 12 ዓመታት ንሱን ወለዱን ጨቀቅ ዝበለሉ ትምህርቱ ኣቋሪጹ፡ ስድራ ምሕጋዝ ይሓይሽ ብምባል ናብ ተሰነይ ተመልሰ። እዋኑ ወርሒ 10 ናይ 2004 እዩ ኔሩ። ኣብ ገዛ ነዊሕ ከይጸንሐ ከኣ፡ ኣመት ማሕረስን ዓጺድን ክገብር ንመዓልታት ኣብ በረኻ፡ ለይትን መዓልትን ክሰርሕ ድሕሪ ምቕናይ፡ ኣብ ሰሙን ማይን መግብን ንምውሳድ ናብ ገዛ ከምዛ ጥይት ቅልቅል ኢሉ ናብ ግራቱ ይምለስ ነበረ። ዓጺድ ዓጺዱ እትዋቱ ምስ ሓፈሰ ከኣ፡ ነቲ ኣብቲ ግራት ዝነበረ ተረፍ ዘይተቆጥቀጠ ኣግራብ ንምቁጥቃጥ ክሳብ ጥሪ 2006፡ እናተመላለሰ ይሰርሕ ነበረ። ሓንቲ መዓልቲ ሃንደበት ሹቅ ምስ ወጸ ገለ ኣባላት ጸጥታ'ቲ ስርዓት ኣበይ ትጠፍእ ኣለኻ፡ ግራት እንዳበልካ ሰብ ንሱዳን ትወስድ ኣለኻ፡ ብምባል ኣፈራርሕዎ። ንሱ ግን ንጹህ ምንባሩ፡ በዚ ኣይተዳህለን ካብ ስርሑ'ውን ኣይተባኾረን። ኣብ መወዳእታ ወርሒ ጥሪ ናይ 2006፡ ከም ሎሚ ማለት፡ ኣብ ሓንቲ ባር ኮፍ ኢሉ እንከሎ፡ ብረት ዝሓዙ ኣርባዕተ ኣባላት ጸጥታ መጺኦም ደው-በል ብምባል፡ ዓሚሮም ሻምብቆ ብረት ኣቅንዕሉ። ብሃውሪ ዝገበሮ ዘይብሉ ከምዚ ጌሮም ከንጥጥሉ ምስ ረኣየ፡ ካብ ንጽህና ብዝተላዕለ ሕርቃን ነፍሱ መኒኑ ነጢሩ ፈንጺግዎም ተዓዝረ። ኣርክብ ኣርክብ ኮይኑ፡ ናብ ቃልዕ መሬት ምስ ተሓወሰ፡ ሃንደበት በሎ ዝብል ድምጺ ከም ነጎዳ ተሰምዐ። እቲ በሎ ዝተባህለ ኣብ ኢዱ ሓዊ ሒዙ ዝነበረ ከኣ ትእዛዝ'ዩ ብምባል ብዕዉር ምእዛዝ (blind obedience) ኣብ ከባቢ ምውፋር መካይን ከተማ ተሰነይ መሬት ብቀትሩ፡ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ብዝተተኮስሉ ጥይት ኣፍ-ልቡ ጠርፊፎም፡ መሬት ኣውደቕዎ። ኣብ ሕማቕ ቦታ ስለዝተሃርመ ግን፡ ህይወት ንኣምን መሬት ከይወደቀ እንከሎ'ያ ሓሊፋ። ኣብ መኪና ተሰኪሞም ናብ ቦታኦም ድሕሪ ምውሳድ ከኣ፡ ምስ ናይ ገመድ ምልክት ሕናቕ ኣብ ክሳዱን ካልእ ኣሰቃቒ ምልክታትን ብመንገዲ ምምሕዳር ዞባ ኣቢሎም፡ መሬት ጸልማት ምስ ነኸሰ ናብ ስድራ-ቤቱ ከም ሳንጣ ደርብዮሞ ተዓዝሩ።

እቲ ዘገርም’ግን ናይ’ዚ ኣረሜናዊ ዝኾነ ኣቀታትላ ጥራይ ኣይኮነን። ቀቲለሞ ከብቅዑ፡ ንስድራ መዋቲ፡ እቲ ሬሳ ንኸይቀብርዎን ዝኾነ ሓዘን ንኸይገብሩሉን ተሪር መጠንቀቕታ ሂቦሞም ምኻዶም እዩ። ብሰንክ’ዚ ራዕድን ምፍርራህን፡ እቲ ሬሳ ድሕሪ ኣርባዕተ መዓልታት ክቕበር እንከሎ፡ ሓዘን’ውን ብስግኣት ከምቲ ዝግባእ ኣይተኻየደን። ከምዚ ዓይነት ግፍዒ ጭካነን ብፍጹም ተራእዩ ኣይፈልጥን እዩ።

ኩሉ ግን መዓልቲ ኣለዎ። ክበሃልን ክቃላዕን ዝግበኦ ከኣ፡ ሓሞት ይሓትት እምበር፡ ብዙሕ ኣሎ። ኣብ ኤርትራ ብሓፈሻ ኣብ ከተማ ተሰነይ ከኣ ብፍላይ ምስ ስግረ-ዶብ ዝተኣሳሰር ብቕሉዕን ብስትሩን ዝካየድ ቀጻሊ ናይ ምርሻን ተግባራት ኣሎ። ጸጋይ ኮረሪ ዝተባህለ መእሰይ ዓሚ ኣብ ማእከል ከተማ ተሰነይ ብዝተተኮሰሉ ኣድራጋ ጥይት ኣብ ማእከል ከተማ ብቃልዕ ካብ ዝተቀንጸሉ ግዳያት ሓደ ክኸውን እንከሎ፤ ወዲ ናራ ካብ ዓሊ-ግድርን ደበሳይ ስሉስ ከኣ ካብ ተሰነይን ድማ፡ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ብቃልዕ ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ተረሺኖም እዮም። ካልኦት ግዳያት ከኣ፡ መንእሰይ ግንቦት ኣብ ከረን፡ መንእሰይ ብንያም ኣብ ባልዋ መንእሰይ ዑስማን ቀጢን፡ ከኣ ኣብ ፎርቶ-ሳዋ ብተመሳሳሊ ከም ዝተረሸኑ ይፍለጥ። ብዝተፈላለየ ጉዳያት ብዘይ ዝኾነ ይኹን ጭጫፍ ጭብጢ ኣብ ሰራዊት ይኹን ኣብ ስቪላዊ ጽፍሕታት ዝተረሸኑን፡ ኣብ እዋን መርመራታት ብዝካየደሎም ግፍዕን መግረፍትን ናይ ኤለትሪክ ዓዛብን፡ ምጽዋር ሲኢኖም ዝሞቱን፡ ኣበይ ከም ዘለዉ ዛጊት ዘይንገረሎምን፡ ብታሕቲ-ታሕቲ ዝተሰወሩ’ውን ውሑዳት ኣይኮኑን። እዚ ብግህሰት መሰላትን ምግፍዕ ዜጋታቱን ኣብ ታሪኽ ዓለምና መወዳድርቲ ዘይርከቦ ኣረሜናዊ ስርዓት’ዚ፡ ኢዱ ዝፍደየሉ ናይ ፍትሒ ወጋሕታን፡ ሰላምን ዲሞክራስን ርግኣትን ዝሰፍነሉ ግዜ ርሑቕ ኣይኮነን። መሲልዎም እምበር፡ ፍርሕን ራዕድን ንምንዛሕ ዝግበር ርኡይ ምቅንጻላትን ምርሻንን፡ ንተቃውሞ፡ ዋላ ድጉል ይምሰል፡ የጕህሮ እምበር ኣየቕህሞን እዩ። ኣብ መውዳእታ ከኣ ተሳዊሩ ናብ ሃላሃልታ ብምቕያር፡ እቲ ባዕሎም ዘናኸስዎን ዘንበድብድዎ ጓህሪ ናብ ዘይምሕሮም ሃልሃልታ ከምዝቕየር ርግጸኛታት ኢና።

## “እቲ ዘገርም፡ ናይቶም ተጻወቲ ዘይኮነ ናይቶም ደገፍቲ’ዩ” ወፈያታት ህዝባዊ መኸተ: ንድሕነት ሃገር’ዶ ንድሕነት ስርዓት

ቲቪ-ኤረ፡ ድምጺ-ሓፋሽን ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራን ከምቲ ስመን፡ ናይ ህዝቢ ማዕከናት ዜናን ሓበሬታን ይበሃላ ደኣ’ምበር፡ ጥብቀ-ልሳንን መሳርሒን ናይቲ ኣብ ስልጣን ዝርከብ ዲክታቶራዊ ጉጅለ ኢሳያስ ምዃነን ትማሊ ድብዱብ ዝነበረ ሎሚ ዝተቀልዐ ምስጢር ኣይኮነን። ካብቲ ቀንዲ ስርሐን ከኣ፡ ኣብ ክንዲ ሓቀኛ ሓበሬታ ምምሕልላፍን ምምሃርን ምንቃሕን፥ ኣእምሮ ሰብ ካብ ውሽጣዊ ጸገማት ንምስላብ፡ ዓመታት ንድሕሪት ተመሊሰን ወይ’ውን ናብ ርሑቕ መጻኢ ተመጢጠን ንህሉው ውሽጣዊ ኩነታት ከረስዓ ህርድግ ዝብላ፡ ደገምቲ ኣፍ (ፓፓጋሎ) ናይቲ ስርዓት’የን። ንሰን ዝብለኦን ዝህውትትኦን ብዙሕ’ዩ መትሓዚ የብሉን፡ ጸብጺብካ ውን ዝውዳእ ኣይኮነን። ልዕሊ ኹሉ’ግን ነቲ ስርዓት እንዳ ኣገልገላስ፡ ንሓቂ ኢና እነገልግል (serving the truth) ዝብል ቴማታትን ጭርሖታትን ምዝርግሐን፡ እቲ ኣዝዩ ዝገርም እዩ። እምበር’ዶ ሓቂ እንታይ ምዃኑ ይፍለጠኦ ኢየን?

ማዕከናት ዜና ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግዲፍ ካብቲ ቀንዲ መለለይኣን፡ ብሉይ ደርፍታትን ጸርፍታትን ልሙስ ቴማታትን ምዝማርን ምጽሓፍን እዩ። ካብ ግዜ ናብ ግዜ ምስ ኩነታት ዝመሳሰል ሂወት ዘይብሉ ምስ ሽቀጥ ዝተኣሳሰረ ቴማታት ብቀጻሊ ከፍርያ ይረኣያ። ገለ ካብዚ “ሃገረይ ስልማተይ” ዝብል ቴማ፡ ስልማት ኣዴታት ንምቅንጣጥ ዝዓለመ፡ “ነሰስን ሕድሪ ሰማእታት” ኣናበልካን፡ “ብደርቂ ንዝተጠቕዑ ዜጋታትና ንሓግዝ” እናበልካ ዝካየድ ገለ ካብቲ ብቴማ ዝስነ ወፍሪ ናይ ምዕቡል ስርቂ እዩ።

ኣብዚ ቅንያት'ዚ ኣብ መደባት ናይዘን ማዕከናት ብዝያዳ ዝስማዕ ዘሎን ዝያዳ ትኹረት ተዋሂብዎ ዝርከብን መደብ፡ እቲ "ብህዝባዊ-መኸተ" ዝፍለጥ ገንዘብ ንምእካብ ዝካየድ ዘሎ ቁጠባዊ ሽፈጥ እዩ። እዚ ኣኼባታት'ዚ ከኣ፡ ኣብ ትሕቲ "ቅድም ቀዳድም ድሕነት ሃገር" ዝብል ቴማታት ክካየድ ቀንዩ። እቲ ዝገርም ግን፡ ጨግራፍ'ሲ ነፍሳ ባዕላ ሃሪማ ተእዊ ከምዝበሃል፡ ባዕሎም ድሕነት ሃገር ኣብ ሓደጋ መእተውቲ፡ ባዕሎም ከኣ ናይ ድሕነት ሃገር ተሓለቕቲ ክኾኑ ምፍታኖም እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ ሃገራዊ ናጽነቱ ተረጋጊጹ ከብቅዕ፡ ኣብ ክንዲ ተሓጒቂፉ ኣብ ዓዱ ብሰላም ዝነበር፡ ዓዱ ሓዲጉ ንኽስደድ ዘገደዶ፡ ግፍዕታትን በደላትን ናይዚ ዲክታቶርያዊ ስርዓት'ዶ ኣይኮነን? ጠንቂ ኩሉ ኣበሳን ሽግርን ብርሰትን ባዕሉ፤ መድሓኒ ካብ'ዚ ሓሳረ መከራ ድማ ባዕሉ፡ ከመይ ኢሉ ክኸውን ይኽእል!! ወዳጅ ምውርዛይ!! ዘገርም'ዩ ብሓቂ። እቲ ብዝያዳ ዘገርም ግን ናይ'ቲ ስርዓት ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ናይቶም እቲ ስርዓት ኣብ ልዕሊ ህዝብና ንዘወርዶ ዘሎ ግፍዕን በደላትን ካብ ዓይኖም ዘይተኸወሎም እንከሎ፡ ነዚ ስርዓት'ዚ ከጣቅዑን ብገንዘብ ክምውሉን ዝረኣዩ ሰባት'ዩ። ሓቆም፡ ኣብ ጥዑም ሃገር፡ ጥዑም ህይወት ስለዘሕልፉ ዘለዉ፡ ናይ ህዝብና ሓሳረ መከራ ንዕኦም ጽውጽዋይ ኰይኑ ክስምዖም ይኽእል ይኸውን ኢዩ። እዚ ግን፡ ንድንቀኵርናኦምን ኣብ ልዕሊ ጉዳይ ህዝቦምን ሃገሮምን ዘለዎም ትሑት ኣረኣእያን ዘነጽር ኣብ ርእሲ ምዃኑ፤ ጽባሕ ፍትሒ ምስ ነገሰ፡ ክዳነይሉ እምበር ክመሓኑሉ ዘይግበኦም ጉዳይ ከም ዝኾነ ዘንጊዖም ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም። እዞም ሰባት እዚኣቶም ምስ ኣእምሮኦም የለዉን እምበር፡ ከመይ ኢሎም ኢዮም ንብርሰት ህዝቦምን ጥፍኣት ሃገሮምን እናሰርሑ እንከለዉ፥ ንድሕነት ሃገር ኢና ተዓጢቕና ዝብሉ!!! ንኤርትራ ናብ ሲኦል ንዝቐየረ ዲክታቶር፡ ክሰግዱን ክምውሉን'ከ ሕልናኦም ከመይ ገይሩ ይፈቕደሎም? ምስቲ መንግስቲ ቦንዳ (Bond) ስለዘዎም? ወይ ኣብ ኣስመራ ንገዛ ዝኸውን ቦታ ክዕደሎም፡ ወይ ኣብ ኣስመራ ተዛዊሮም ንኽምለሱ ኢሎም ንህዝቦም ንዝጥፍእ ዘሎ ስርዓት ክምእዘዙ ስለምንታይ መሪጾም? ወይ'ሲ ምስቲ ስርዓት ዝተኣሳሰረ ካልእ ውልቃዊ ረብሓ ስለዘለዎም ኢዮም? ወይ'ውን ኩሎም ኣዝማዶም ካብ ኤርትራ ስለዘውጽኡ፡ ዘይስንኻስ ሑጻ ቆርጥመሉ ኰይንዎም ድዩ? ነዚ ኩሉ ሓላፉይ ነገር ክብሉ ናይ ህዝቦም ስቅያት ምምራጾም፡ መግለጺ ዘይርከቦ በደል ኢዩ። እቶም ኣብ ከምዚ ዓይነት ሓደገኛ ሸርሒ ተጸሚዶም ዝርከቡ ሰባት እምበኣር ደገፍቲ ናይቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝካየድ ዘሎ ግፍዕን በደላትን ኣብ ርእሲ ምዃኖም፡ መወልቲ ጥፍኣት ሃገር እምበር፡ መወልቲ ድሕነት ሃገር ከም ዘይኮኑ ጎሲሞም ክውሕጥዎ ዝግብኦም፡ መሪር ሓቂ እዩ። እቲ ስርዓት'ውን ምውዳቁ ዘይተርፎ ስለዝኾነ፡ እቲ ዘበርክትዎ ትኳቦ ገንዘብ ይኹን፡ ዘስንቕዎ ሞራላዊ ሓገዝ፡ ነቲ ስርዓት ምርኩስ ኮይኑ ደው ከብሎ ወይ'ውን ካብ ሙማት ከድሕኖ ኣይኮነን። ጥዑይ ኣእምሮ እንተልይዎም፡ መዓልቲ ፍትሒ፡ ንዕኦምን ነቶም ደቀ-መዛምርቶምን ሚዛና ሒዛ ትጽበዮም ከምዘላ ፈሊጦም፡ ከይደቀሱ ክሓድሩ'ዮም ዝግብኦም።

## "ሓቢርና ንስራሕ ክነድምዕ ሓቢርና ነድምጽ ክነስምዕ"

ካብ ስውእ ዓብዱ ፋኢድ ክሳብ'ቲ ናይ መወዳእታ ንኽብሪ ሃገርን ህዝብን ክብል በጃ ዝሓለፈ ጅግና፡ ምንባር ጸሊኡ፡ ሞት ስለዝበሃገ ኣይኮነን ብሂወቱ ተቓሚሩ። እንታይ ደኣ፡ ተሓቓቝፍና ብሰላም እንነብረላን መሰረታዊ መሰላትና ዝኽበረላን፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝረጋገጸላን፡ ሕጊ ዝነግሰላን ሃገር ንምውሓስ እዮም፡ ጸሚእ ጠምየ ከይበሉ ኣብ ጥራይ ከብዶምን ብቀዳድ ስሪኦምን ብውጩል ሳእኖምን፤ ሓመድ፡ ከውሕን እምንን ተነጺፎም ክሓልፉ ዝመረጹ። እቲ ሞባእ ኮይኖም ዝሓለፍሉ ቅዱስ ዕላማን፡ ኣብቲ ጸልማት ለይቲ ዘቸረጽዎ ናይ ሰናይ መጻኢ ሕልምን ግን፡ ጌና ጋህዲ ኣይኰነን። ብሰንኪ'ቲ ፍረ ናይዚ መስዋእትን ቃልስን ገቢቱ፡ ከም ውልቃዊ ምህርቱ ዝሓፈሶ ዲክታቶራዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ መሬት ወጊሑ ከይቀተረ፡ ህዝቢ ዕንባባታት ደቁ ከፊሉ ዘረጋገጾ ናጽነት ከየስተማቀረ፡ ካብ ባዕዳዊ

መግዛእቲ ናብ ዘቤታዊ መግዛእቲ እዩ ተሰጋጊሩ። ሎሚ ኣብ ኤርትራ፡ ካብቲ ቅድም ክብል ዝነበረ መዋእላት ብዕጽፍታት ዝበኣሰ ዅነታት ሰፊኑ ይርከብ። ከም ሳዕቤኑ ከኣ፡ ፖለቲካዊ ጽቅጠት፡ ቁጠባዊ ዕንወት፡ ምምሕዳራዊ ልምሰትን ዲፕሎማስያዊ ውድቀትን፡ መለለዪ ናይቲ ኣብ ኣፍደገ ሞት ተጎዚጕዙ ሎሚ ጽባሕ ዝብል ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ኮይኑ ይርከብ። ኤርትራውያን መዋእል ሕሰምን ስደትን ከርተትን ክንሕልፍ ዝተገደደና ፈተውቲ መከራ ስለዝኾና ኣይኮናን። በንጻሩ'ግን ደለይቲ ሰላምን ቅሳነትን ስለዝኾና እዩ። ምእንቲ ንሎሚ ክጥዕመና ከኣ፡ ኢና ትማሊ ሕሰምን ስደትን ከርተትን ክንጻወር ዝመረጽና። ዘይሓሰብካዮ ኣይትርከብ ኣይ መርገም ኣይ ምርቓ ከም ዝበሃል፡ ይትረፍ'ሲ ንዓና ንኻልእ'ውን ሓሲብናሉ ዘይንፈልጥ ዝበኣሰ ዘይሓሰብናዮ መወዳእታ'ዩ ገጢሙና። ብሰንኪ'ዚ ኸኣ፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ሓደ ደምበ ተጠርኒፍና ንነብር፡ ከም ደቂ ዛግራ ፋሕ-ጭንግራሕ ኢልና ንርከብ ኣለና። ከምዚ ኢልና'ኸ ክሳብ መዓስ ኢና ክነብር? ብኸመይ ኢና'ኸ ነዚ ገጢሙና ዘሎ ሽግር ክንሰግር? ኩላትና ሽግር ተሰጊሩ ሓዲሽ ናይ ሰላም መዋእል ኣብ ኤርትራ ክነግስ ከም እንደሊ ዘካትዕ ኣይኮነን። ኮይኑ'ግን ቅድም ቀዳድም፡ እዚ መዋእል ሰላምን ቅሳነትን ኣብ ኤርትራ መዓስ ይመጽእ ኢልና ክንሓስብ ዘይኮነስ፡ ብኸመይ ይመጽእን ጋህዲ ንኽኸውን'ከ እንታይ ክንገብርን ኣሎና ኢልና ክንሓስብ ይግበኣና። ኣብ ታሪኽ ክንደይ ጸሊም ምዕራፋት ተሰጊሩ፡ ኣብ ቦትኡ ከኣ ብርሃን ተኾሊዑ'ዩ። እዚ ዘለናዮ ዘይስገር ዝመስል ዘሎ መድረኽ ከኣ፡ ክንሰግሮ ንኽእል ኢና። ክንርስዖ ዘይግብኣና ግን፡ ብሓባር እምበር ብውልቂ ወይ ተጎጃጂልካ ዝስገር ከምዘይኮነ ኢዩ። ዝሓበረ ሓፋሽ ዓጋቲ የብሉን ከም ዝበሃል፡ ምስ እንሓብር ጥራይ ኢና ነዚ ክንሰግር እንበቅዕ። ሎሚ ብሰንኪ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ንህዝብን ሃገርን ኤርትራ ገጢሙና ዝርከብ ግዙፍን ኩሉ መዳያዊ ቅልውላውን ኣብ ጥርዙ በጺሑ ኣብ ዝረከበሉ ዘሎ እዋን፡ ፍታሕ ብመንገዲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ባዕዳዊ ሓይሊ፡ ወይ'ውን ኣህጉራዊ ፖለቲካውን ቁጠባውን እገዳታት ኣቢሉ ክመጸና ክንጽበ የብልናን። እቲ መፍትሒ ኣብ ኢድ ሓድነትና'ዩ ዘሎ።

ቻርለስ እስተዋርት ፓርነል፡ ነቲ ኣብ ኣየርላንድ ካብ 1879 ክሳብ 1880 ዝተኻየደ ህዝባዊ ተቓውሞ ኣንጻር መንግስቲ ኣመልኪቱ ከምዚ ዝስዕብ ኢሉ ነይሩ፡-

"ኣብ ካልእ ምምርኳስ ትርጉም የብሉን፡ ኣብ ገዛእ ጽንዓትኩምን ወሳንነትኩምን ጥራይ ክትምርኮሱ ኣለኩም... ብሓባር ደው ብምባል ንንሕድሕድኩም ተደጋገፉ....... ነቶም ኣብ መንገኹም ዘለዉ ድኹማት ከም ዝሕይሉ ግበሩ...... ስጠሙ ተጠማመሩ....ነብስኹም ወድቡ....ክትዕወቱ ምኳንኩም ከኣ፡ ብምንም ተኣምር ዘጠራጥር ኣይኮነን...ሓድነትኩም ከየረጋገጽኩም ግን...ጉዳይኩም መዕለቢ ክትገብሩሉ ኢልኩም ብፍጹም ኣይትሕሰቡ"።

ስለዚ ከምዚ ፓርነል ቅድሚ 120 ዓመታት ብውሕሉል ኣገባብ ዝገለጾ፡ ነዚ ኣብ ቅድሜና ዘሎ ሰልሚ ክንሰግር፡ ሓቢርና ብሓደ መንፈስ ንሓደ ዕላማ ክንሰርሕ ኣለና። ሕብረት ቅድመ-ዅነትን መፍትሕን ናይ ዓወትና ምኻኑ ኣሚና ክንሰርሕ ይግባእ። ነዚ ከም እምነ-ሰረት ፍትሓዊ ዲሞክራስያዊ ቃልስና ምኻኑ ኣለሊና እንተሰሪሕና ከኣ፡ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ከም እንዕወት ርግጸኛታት ኢና። ዝበርር ዘሎ እንስሳ ንምቕታል ብረቱ ከነጻጽር ዝውዕል ሃዳናይ የለን፡ ከም ዝበሃል፡ ካብዚ ወጻኢ ዝግበር ውልቃዊ ዕንክሊል ከኣ፡ ግዜ ካብ ምብኻንን፡ ቃልሳዊ ዕንቅፋት ካብ ምኻንን ሓሊፉ፡ ዘፍርዮ ነገር ከም ዘይብሉ ውህሉል ተሞክሮታት ታሪኽ ዓለምና ኣጕሊሑ ዘንጽሮ ሓቂ'ዩ።

ሓቢርና ንስራሕ ክነድምዕ፡ ሓቢርና ከኣ ነድምጽ ክነስምዕ!

# ዓምዲ ኮሚሽን ምምስራት ሰልፊ

ሓባራዊ ኮሚስዮን
ምምስራት ሰልፊ
ክፍሊ ዜናዊ ጉዳያት

المفوضية المشتركة
لتاسيس الحزب
قسم الشؤون الاعلامية

Joint Party Formation Commission
Department of Information

## ዕላማና ንዕብለላን ጭቆናን ምልክን ምውጋድ ኢዩ

ዝኾነ ይኹን ውድብ ወይ ሰልፊ ክምስረት እንከሎ ክሰፍሕ፡ ክዓቢ፡ ክጸሉን ከድምዕን ድኣ'ምበር፥ ክጸብብ፡ ክንእስ፡ ክዳኸምን ክለምስን ኢሉ ዝምስረት ወይ ዝሰርሕ ውድብ ይኹን ሰልፊ ክህሉ ኣይክእልን ኢዩ። ናይ ሓደ ሰልፊ ወይ ውድብ ናይ ምዕባይን ምስፋሕን ዕላማን ጻዕርን እምበኣር፡ መግለጺ ናይ ምዕብባልን ምብሓትን ድሌታቱ ኰይኑ ክቓርብ ቅኑዕ ኣይኰነን።

ብተወሳኺ፡ ካብ ግንባር ናብ ሰልፊ ምስግጋር ምስ ምጽባብን ምስፋሕን፤ ከምኡ ድማ ምስ ምዕብላልን ዘይምዕብላልን ከተሓሕዝዎ ዝፍትኑ ሰባት ውን ኣለዉ። እዚ ውን ግጉይ ኣርኣእያ ኢዩ። ግንባር ይኹን ሰልፊ፡ ኵሉ መሳርሒታት ናይ'ቲ ክትበጽሖ እትደሊ ዕላማታት ደኣ'ምበር፡ ንገዛእ ርእሱ ዕላማ ስለዘይኰነ፡ ንሓደ መዕብለሊ ነቲ ካልእ ድማ ካብ ዕብለላ መናገፊ ገርካ ምግላጹ ግጉይ ኢዩ።
ክዕብልሉን ክብሕቱን ዝደልዩ ውድባት ወይ ሰልፍታት፡ ብህላወ ናይ ካልኦት ዘይኣምኑ፡ ዲሞክራሲ ክሰፍን ዘይደልዩ፡ ንሰብኣዊ መሰላት ዘየኽብሩ፡ ብናጻ ውድድራት ዘይኣምኑ፡ ዝበልናካ ፈጽም ኣይትሕተት ዝብሉ፡ ሃብትን ስልጣንን ኣብ ኢድ ውሑዳት ክኸውን ዝደልዩን ኢዮም።

ስለ'ዚ፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤኡ፡ ኵልና እቶም ተመሳሳሊ መደብ ዕዮታት ዘሎና ውድባት፡ ውድባትና ኣፍሪስና ሓደ ሰፊሕ ህዝባዊ መሰረት ዘለዎ ሰልፊ ንመስርት፤ ጀብሃ ሻዕብያ ዝብል ፍልልያት መዋእሉ ኣኺቲሙ'ዩ፡ ነዚ ሓድሽ መዋእል ብሓድሽ ኣተሓሳስባን ብሓድሽ ኣገባብን ንግጠሞ ምባሉ ክነኣድ እምበር ክኸሰስ ኣይግብኦን ኢዩ። ንሕና፡ ኣባላት ኮሚሽን ምምስራት ሰልፊ ድማ፡ ነዚ ብተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝተወስደ ተበግሶ ነመጕሶ ኢና። ካልኦት ውድባት ውን ከምኡ ክገብሩ ኢና እንብህግ። መሰረታዊ ዕላማና፡ ኣብ ኤርትራ ብዙሓት ሰልፍታት ዝዋስኡሉ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ክህሉ፤ ሰላምን ዲሞክራስን ፍትሕን ብልጽግናን ክነግስ ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ኣብ ኤርትራ ቅዋም ክህሉ፡ ግዝኣተ-ሕጊ ክነግስ፡ ብመሰረት'ዚ ቅዋምን ሕግን'ዚ ድማ ኣብ መንጎ ሰልፍታት ናጻ ውድድራት ክህሉን ንጽሁን ፍትሓውን ምርጫታት ክካየድ ኢና ንደሊ።

ህዝብን ፖለቲካዊ ውድባትን ርእይቶታቶም ክህብሉን ከሀብትምዎን ብዝብል መንቀሊ፡ ናብ ህዝቢ ዝዘርጋሕናዮ ንድፊ ፖለቲካዊ

ዕላማና ውን ነዚ ሓቂ'ዚ ኢዩ ዘረጋግጽ። እስኪ፡ ገለ ካብ'ቲ ኣብ'ቲ ንድፊ ሰፊሩ ዘሎ ፖለቲካዊ ዕላማታት ንመልከት።

ኣብ ሳልሳይ ምዕራፍ፡ ዕላማ ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፡ ዕላማ ሰልፍና፡ ሓድነት ህዝባን መሬታን ዘዕቑበት፡ ሰላምን ፍትሕን ዝሰፈና፡ ብዲሞክራስያዊ ሕገ-መንግስቲ (ቅዋም) እትምሓደር፡ ንኣህጉራዊ ሕግታትን ውዕላትን እተኽብር ብልጽግቲ ኤርትራ ምህናጽ ኢዩ ይብል። ቀጺሉ፡ ኣብ ራብዓይ ምዕራፍ ናይ'ቲ ንድፊ፡ እዚ ዝስዕብ ነጥብታት ሰፊሩ ይርከብ።

1. ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ህዝቢ ኤርትራ ምርግጋጽ፡-

1.1. ኣብ ኤርትራ ዘሎ ምልካዊ ስርዓት፡ ጸረ ኲሉ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ህዝብና ብምዃኑ፡ ንሰ ከየልገሰ፡ ዕላማ ሰልፍና ይኹን፡ ባህግታት ህዝብና ክረጋገጽ ስለዘይክእል፤ ኣብ'ዚ መደረኽ'ዚ ቀንዲ ቃልስና" ንምልካዊ ስርዓት ብምውዳቕ፡ ኣብ ቦታኡ ንኹሉ መሰላት ህዝብና ዘኽብር ኣብዝሓ ሰልፋዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ምትካል ኢዩ፤

1.2. መሰል ምውዳብ፡ ምዝራብ፡ ምጽሓፍ፡ ከምኡ ውን፡ መሰል ሰላማዊ ተቓውሞ ምኽባር፤

1.3. ነጻነት እምነት ምኽባር፡ ኣብ እምነት እተመርኰሰ ዝኾነ ይኹን ኣድልዎን ጽቕጠትን ምውጋድ፤

1.4. ማዕርነት ኲሎም ዜጋታት ምኽባር፡ ኣውራጃዊ፡ ብሄራውን ዓሌታውን ኣድልዎን ጽቕጠትን ምውጋድ፤

1.5. መሰልን ማዕርነትን ደቂ ኣንስትዮ ምኽባር፡ ንኹሉ ዓይነት ኣድልዎን ጽቕጠትን ደቂ ኣንስትዮ ምውጋድ፤

1.6. መሰል ህጻናት ምኽባር፡ ፍሉይ ሕጋውን ማሕበራውን ሓልዮት ምግባር፤

1.7. ንሰብኣዊ መሰላት ዝከላኸላ ሲቪላዊ ማሕበራትን ሞያዊ ትካላትን ክቘማ፤ ስርሐን ብምሉእ ናጽነት ከካይዳ ምትብባዕ፤

1.8. መሰል ምቛም ፖለቲካዊ ማሕበራትን ሰልፍታትን ምርግጋጽ፤

1.9. ካብ ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ማሕበራትን ናጻ ዝኾኑ ዜጋታት ኣብ ስልጣን ናይ ምውድዳር መሰሎም ሕልው ክኸውን ምቕላስ፤

1.10. ብህዝቢ ውሳኔ ዝጸደቐ ሕገ-መንግስቲ ብህዝቢ ውክሳ ክፈርስ ወይ ክትካእ ይኽእል።

2. ንሚዛን ሓይሊ ዝሕሉ ኣብ ምክፍፋል ስልጣን እተመርኰሰ መንግስቲ ንምቛም ምቕላስ፡-

2.1. ብናጻ ተሳትፎን ምርጫን ህዝቢ ኤርትራን ውድባቱን ሰልፍታቱን ሕገ-መንግስቲ ምጽዳቕ፤

2.2. ስልጣን ማእከላይ መንግስቲ፡ ኣብ መንጕ ሓጋግን ፈጻምን ተኸፋፊሉ፡ ናጻ ቤት ፍርዲ ዘለዎ ቅርጺ ክሕዝ፤

2.3. ማእከላይ መንግስቲ ንኹሉ ኤርትራዊ ሕብረተ-ሰብ ዝውክል ክኸውን፤

2.4. መንግስታዊ ስልጣን፡ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ በብደረጃኡ ተኸፊሉ፡ ህዝቢ ብቐጥታ ኣብ ምምሕዳር ነብሱ ተሳታፊ ክኸውን ዘኽእሎ ብሕገ-መንግስቲ እተረጋገጸ ዘይምእኩል ቅርጻ ምምሕዳር ክኸውን። ምክፍፋል ምምሕዳራዊ ኣካላት ነቲ ታሪኻዊ ኣቃውማ ኣውራጃዊ ምምሕዳራት ሃገርና ዝሕሉን ዘኽብርን ቅርጺ ክሕዝ፤

2.5. ኣብ ስልጣን ንምምጻእ ይኹን ካብ ስልጣን ንምውራድ፡ ሕገ-መንግስቲ ብዘፍቀዶ መሰረት ብዲሞክራስያዊ ምርጫ ህዝብን ብሕጋዊ ቀጥዒ ምርጫን ክኸውን፤

2.6. ዝቐውም መንግስቲ ዓልማናዊ መንግስቲ ክኸውን፤

2.7. ትግርኛን ዓረብኛን ዕላውያን ቋንቋታት ክኾና። ካልኦት ቋንቋታት ኤርትራ ውን ክዓብያን ክምዕብላና ዘኽእለን መሰል ከምዝረኽባ ምግባር ይብል።

ናጻ ኮሚሽና ዝቃለሰሉ ዕላማታት እምበኣር፡ ንዕብለላ፡ ጭቆና፡ ምልኪ፡ ኣድልዎ ንምውጋድን ኣብ ክንድኡ ድማ ዲሞክራሲ፡ ማዕርነት፡ ፍትሒ፡ ሰላምን ብልጽግናን ንምስፋን ምዃኑን ብሩህ ክኸውን ንደልዮ። ኲሉ ኤርትራዊ ዜጋ ድማ፡ ነዚ ንድፊ'ዚ ንምምሕያሽን ንምእራምን ንምህብታሙን ግዲኡ ክጻወት ንዕድም።

# ሰልፍና ኣገዳሲ መሰጋገሪ ድንድል'ዩ።

ኣብ ኤርትራ ምስቲ እናማዕበለ ዝመጽእ ዘሎ ብሱል ናይ ለውጢ ኩነታት እቲ ናይ ለውጢ ሓይልታት ከምቲ ዝድለ ዘይምስጓሙ ንኩላትና ብሩህ'ዩ። ነዚ ስኽፍታዚ ንምውጋድ ድማ ዘይተሓለለ ቃልሲ ይካየድ ኣሎ። ብሱል ናይ ለውጢ ኩነታት ክበሃል እንከሎ ሰፊሕ ዝርዝር ዘለዎ ኣበሃህላ'ዩ። ምስዚ ኩነታትና ከነዛምዶ እነኽላና፡ ኸዓ በቲ ሓደ ወገን እቲ ንህዝብና ከም ቁርዲድ ጨምዲዱ ኣሲርዎ ዘሎ ስርዓት ህግደፍ እንደጋና ጸረ-ህዝቢ ቀይድታቱ እናትረረ፡ በቲ ካልእ ወገን ድማ " እዚ ስርዓት'ዚ ኣንጻርና እምበር ወካሊና ኣይኮነን ስለዚ ይወገደልና " ዝብል ናይ ውጹዓት ድምጽን መጸዋዕታን እናዛየደ ይኸይድ ኣሎ ማለትና እዩ። ወረ ኣብ ገለገል ኣጋጣምስ ከምቲ " ብተመን ዝሰንበደስ ብልሕጺ ተዳህለ " ዝበሃል ምስላ ወለድና ብሰንኪ ሕሰም ስርዓት ህግደፍ ህዝብና ካብቲ ንናቱ ናይ ለውጢ ረብሓ ዝተሰለፈ ናይ ተቓውሞ ሓይሊ'ውን ዝፈርሓሉ ኣጋጣሚ ይርአ እዩ። " ንስኻትኩምስ ነታ ልጓም ምስ ሓዝኩም ነቲ ፈረስ ናበይ ገጽኩም ከም ትገርሕዎ እንታይ ውሕስነት ኣለና እዩ " ዝብል ህዝባዊ ብሂል ምስማዕ እውን ዝተለመደ እዩ።

ዝኾነ ኮይኑ እዚ ሕሱም ተግባራት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝፈጠሮ ስንብራት ኮይኑ፡ እቲ መወዳእታ እንታይ ከም ዝመስል ካብቲ መጀመርታ'ውን ምርዳእ ይከልዩ'ሞ፡ እዚ ሕጂ በቲ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ወጽዓ ተደሪኹ ዝሰርሕ ዘሎ ሓይልታት ተቓውሞ ኤርትራ ከም ናይ ሎሚ ህግደፍ ከም ዘይከውንስ ብቕንዕና ንዝፈርድ ብዙሕ ምልክታት ኣለዎ ዝብል እምነት ኣለና። ዝኾነ ኮይኑ ግና መጻኢ ብናይ ሎሚ ናይ ህዝቢ ተሳትፎን ቃልስን ከም ዝውሰን ድማ ምዝንጋዕ ኣየድልን። ስለምንታይ ሎሚ ናይ ዝዘራእካዮ ፍረ ኢኻ ጽባሕ ተሓፍስ። ህዝቢ ድማ ነቲ ይውክለኒ ዝብሎ ናይ ምትብባዕን ነቲ ዘይውክሎ ድማ ናይ ምግናሕ ዘይዕጸፍ ሓላፍነት ከም ዘለዎ ክርስዕ ኣይግበኦን። ስርዓት ህግደፍ ውጽኢት ናይ ከምዚ ዓይነት ህዝባዊ ጉድለትን ሸለልትነትን ምኻኑ'ውን ኣይዘንጋዕ ንብል።

እቶም ኣብ ደንበ ተቓውሞ ተሰሊፍና ዘለና፡ ክሳብ ሎሚ ከም ትጽቢት ህዝብና ካብ ዘይኮናሉ መሰረታዊ ምኽንያት ናይ ለውጢ ድሌትን ናይ ለውጢ ሓይልን ስለ ዘየብልና ኣይኮነን። መጻኢ ብሩህ ናይ ኤርትራ ከመይ ይምሰል ኣብ ምትንባይ ማለት ናይ ዓወት እስትራተጂ ኣብ ምስኣል ፍልልይ ስለ ዘለና እውን ኣይኮነን። እዚስ ካብ ሓደ ውድብ ንላዕሊ ካብ ኮና ከም ውሁብ ክንቅበሎ ዝግበኣና'ዩ። ግደ ሓቂ ንምዝራብ ጸገምናስ ነቲ መልክዕናን ብዙሕነታዊ መለለዩናን ስለ ዝኾነ፡ ከነመሓድሮ ዝግበኣና ፍልልያት ከም ዘይፈርስ መፈላለዪ መንደቕ ኣምሲልና ስለ ዝወሰድናዮ እዩ ዝብል እምነት ኣለና። እቲ ክመሓደር ዝግበኦ ግና መርሓሓዊ ኮይኑ ዘሎ ዓለባ ሳሬት ብዙሕ መልከዓት ኣለዎ። ብኹሉ ምዝርዛሩ'ውን የጸግም። ዝተወሰነ ካብኡ ጠቒስካ መፍትሒ ምእማት ግና ይከኣል እዩ። እቲ ኣብዚ ክዝለል ዘየብሉ ኣውንታዊ ነገር እዚ ጸገምና ምኻኑ ኩላትና እንኣምነሉ ምኻኑ እዩ። ኣብዚ ምስ ተረዳዳእና ግና እንተ ዓቕሚ ብምስኣን ወይ ግዳይ ነዊሕ ዘየኸይድ ጉርሒ ብምኻን ፍታሕ ናይ ምምጻእ ቅልጣፈና ክንድቲ ፍታሕ ከም ዘድሊ ምዕጋብና ዘይምኻኑ'ዩ። ርግጽ እዩ ዝጐደለ ነገር ከም ዘሎ ኣሚትካ "እሞ እንታይ ይገበር? " ዝብል ሕቶ ምሕታት ኣገዳሲ እዩ። ነቲ ጉዳይ ክብደት ካብ ምሃብ ዝብገስ'ውን እዩ። ነቲ ሕቶ ንምምላስ ብተበግሶ ክሳብ ዘይተሰነየ ግና እቲ ጽቡቕ ትምኒት በይኑ ፋይዳ ኣይህልዎን። ነዚ ተበግሶን ውፉይነትን ክትውንን እምበኣር ቡዙሓት ክትቅበሎም ዝግበኣካ ታሪኻውን እዋናውን ሓቅታት ኣለዉ። ነዞም ሓቅታት ክትቅበል ብዙሕ ናይ ቃልሲ ዋጋ ከም ዘኽፍልን ካብ ብዙሓት ጸበብቲ ዓንኬላት ክትወጽእ ዝሓትትን ምኻኑ እውን ዘይምዝንጋዕ። እዚ ተበግሶ'ዚ ብውልቂ፡ ብጉጅለን ብውድብን ክውሰድ ይእከኣል። ዝያዳ ዘድምዕ ግና ብውድብ ደረጃ ክውሰድ እንከሎ እዩ ዝብል እምነት ኣለና።

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ፡ ነዚ ኣቓዲሙ ዝተጠቕሰ ሓቅን ኤርትራዊ ክውንነትን ኣብ ግምት ኣእትዩ ምስኡ ዘሳኒ መጽናዕትታት ድሕሪ ምክያድ ሰፊሕ ዝመሰረቱ ሰልፊ ክምስርት ብደረጃ ጉባኤ ምውሳኑ ኣብነታዊ ተበግሶ እዩ። ንነብሱ ናብ ሰልፊ ምስግጋር ጥራይ ዘይኮነ ነቲ ብሓደ ከይንስጉም ጋሪዱና ዝነበረ መጋረጃ ቀንጢጡ ምስ ካልኦት ተመሰሳሊ መጻኢ ራእን ረብሓን ዘለዎም ኤርትራዊ ወገናት ብሓባር ሰፊሕ ዝመሰረቱ ሰልፊ'የ ዝምስርት ምባሉ ድማ ነቲ ተበግሶ ታሪኻዊ ይገብሮ። ነዚ ንቃልሲ ህዝቢ

ኤርትራ ናብ ሓድሽን ደሞክራሲያውን ምዕራፍ ኣብ ምስግጋር ኣስተዋጽኦ ከበርክት ትጽቢት ዝግበረሉ ምምስራት ሰልፊ ኣብ ሰፊሕን ጥጡሕን ባይታ ምድኳን ምእንተ ክከኣል እተሰርሐ ነጻ ኮሚሽን ምምስራት ሰልፊ ምስያሙ ድማ እቲ ተበግሶ ታሪኻዊ ጥራይ ዘይኮነስ ተባዕ'ውን ምዃኑ መስካሪ እዩ። ናይዚ ኮሚሽን ኣባላት እንተላይ ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ ዘይነበሩ ከም ዝሳተፍዎ ምግባሩ ድማ ናይቲ ዝምስረት ሰልፊ ሰፊሕ ባህርያት ዝምስክር መርትዖ እዩ። እቲ ኮሚሽን ቀዳማይ ምዕራፍ ዕማሙ ብዓወት ከምቲኡ ናብ ቀጻሊ ምዕራፍ ምስግጋሩ ድማ ናይቲ ተበግሶ እዋናውነት ዘራጉድ እዩ።

ካብቲ ብሓደ ሰጉምና ዘተኣማምን ናይ ለውጢ ከይንኸውን ዓጊቱና ዝጸንሓ ዘይመሰረታዊ መጋረጃታት ሓደ እቲ ጀብሃ ሻዕቢያ ዝብል ናይ ቃልሲ ታሪኽና መርኣያ እዩ። እዚ ሓደ እዋን ብመልክዕ ክልተ ተሃላለኽቲ ውድባት ተሓኤን ህግሓኤን ዝተጐዓዝናዮ መዋእል፡ ኣካል ታሪኽና ስለ ዝኾነ ኣይንሓኮን። እንተኾነ ናቱ ናይ ምትህልላኽ እሱራት ኮይና ክንነብር ድማ የብልናን። እዚ ማለት ነዚ ሕሉፍ ታሪኻዊ መዋእል ኣብ ምትርጓሙ ዘለና ፍልልይ ከም ዘለዎ ኮይኑ ነቲ ኣብ ቅድሜና ዘሎ ዕማም ግና ብሓባር ካብ ምዕማም ካልእ መዋጸኦ ከም ዘየብልና ክንቅበል ግድንት'ዩ። እዚ ድማ በዚ ኮሚሽን ምምስራት ሰልፊ ሒዝዎ ዘሎ መንገዲ ጥራይ እዩ ክረጋገጽ ዝኽእል። እቲ ዘይተደላዪ መጋረጃ ኣብ ጀብሃን ሻዕብያን ጥራይ ተወሲኑ ዝተርፍ ኣይኮነን። ካብኡ ንታሕቲ'ውን ኣብቲ ሰፊሕ ደንበ ተቓውሞ ብሓባር እናሓንበስካ፡ ዝንጸባረቕ ጸቢብ ውድባዊ ስምዒታት'ውን ኣሎ። ብሰንኪ እዚ ጸቢብ ስምዒታት ብዛዕባ ኤርትራን ህዝባን ምሕሳብ ዘንጊዕካ ኣብ ጸቢብ ውድባዊ ጉዳያት ጥራይ ምጽማድ እውን ሓደ ካብቲ ንግስጋሰ ደምበ ተቓውሞ ኣደስኪልዎ ዘሎ ጸገም እዩ። እዚ ኮሚሽን ምምስራት ሰፊሕ ዝመሰረቱ ሰልፊ ሒዝዎ ዘሎ ዕማም ኣብዚ ጉዳይ'ዚ'ውን ኣገዳሲ መሳርሒ እዩ ዝብል እምነት ኣለና። ዕላማ ናይዚ ኮሚሽን ከምቲ ትጽቢት ዝግበረሉ ዕዉት ክኸውን ድማ ናይቶም በዚ ዓንቃጺ መጋረጃታት ዝሳቐዩ ዘለዉ ውድባትን ካልኦት ናይ ለውጢ ሓይልታትን ተባዕ ንቕሎ ይሓትት። እዚ ማለት እቲ ተበታቲኑ ዘየድምዕ ዘሎ ባህግታትን ዓቕምታትን ኣብ ንጹርን ዘመናውን ኣተሓሳስባን ኣብ ሰልፋዊ ውዳበን ክራኸብ ይግብኦ።

ከምቲ ኣብ ኩሉ ኣጋጣምታ ዝግለጽ ካብቲ ኣብዚ እዋንዚ ክውገድ ዝግብኦ ግዚያዊ ዓንቃፊ መጋረጃ እቲ ኣብ መንጎ መንእሰይ ወለዶን እቲ ቅድሚኡ ኣብ ዝሓለፉ ምዕራፋት ቃልሲ ኤርትራ ዝተፈተነ ሓይልን ዘሎ ዘይውሁድ ዝምድና እዩ። እዞም ክልተ ኣካላት ሓደ ብዘይካቲ ሓደ ኣድማዕነት ጥራይ ዘይኮነስ ህልውና'ውን ከም ዘየብሎም ክቕበሉ ይግብኦም። መንእሰይ ለውጢ ናይ ምምጻእ ዓቕምን ዕድልን ኣለዎ። እዚ ናይ ለውጢ ዓቕምን ዕድልን ግና ብቓልስን ተወፋይነትን ተሰንዩ ዝዕወት እምበር ከም ውሁብ ዝርከብ ጸጋ ኣይኮነን። መንእሰይ ኣብቲ ናይ ለውጢ ጉዕዞኡ ዕዉት ንክኸውን ክስሕቶ ካብ ዘየብሉ ኣገዳሲ ተግባር ድማ ኣብቲ ናይ ኢያታቱ ተመኩሮ ረጊጹ መጸኢ ናይ ምምዕዳው ቅሩብነት ክውንን ግድንት ምዃኑ'ዩ።

እቲ ንመንእሰይ ሕድሪ ናይ ምርካብ ሓላፍነት ዘለዎ ወለዶ ድማ ነቲ መንእሰይ በቲ ናቱ ናይ ንእስነት ግዜ ጥራይ ዘይኮነስ ብመንጽር እቲ መንእሰይ ሕጂ ዝርከበሉ ዘሎ መዋእል'ውን ክመዝኖ ይግብኦ። ስለዚ እቲ ናይ ሕድሪ ምቕባልን ምርካብን ብሕጊ ተገዚኡ ብቓልሲ ሰዊዱ ዝፍጸም እምበር ከከም ድሌትካ እተጥፍጥፎ ዘይምዃኑ ምርዳእ ናይ ግደን እዩ። እዚ ማለት ድማ ኣብዚ ኣቓዲሙ ዝተጠቕሰ ስኒት ንምብጻሕ ኣብ መድረኽ ቃልሲ ክራኸቡ ይግብኦም። ነዚ ውን መድረኽ ኮሚሽን ምምስራት ሰልፊ ኣገዳሲ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ ኮይኑ ክሰርሕ እዩ። ምእንቲ እዚ ኢና ድማ ምምስራት ሰፊሕ ዝመሰረቱ ሰልፊ ኩሉ ብሓባር ከይንስጉም ጋሪዱና ዝጸንሐ ዘይመሰረታዊ መጋረጃታት ተርቢዕና ብሓባር ክንጕዓዝ ዘኽእል ኣገዳሲ መራኸቢ ድንድል'ዩ ዝበልና።

# ሰልፍ ናይ ሓድነት ሓይሊ እዩ።

ኣባላት ሰውራዊ ባይቶን ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ ዘይጸንሑን ዝኣባላቱ ኮሚሽን ምምስራት ሰፊሕ ዝመሰረቱ ሰልፊ ተመስሪቱ ምንቅስቓሳቱ ካብ ዝጅምር ሓያሎ ኣዋርሕ ኮይኑ። ብደረጃ መደባቱ ድማ ቀዳማይ ምዕራፍ ስረሓቱ ብዓወት ዛዚሙ ናብ ካለኣይ ምዕራፍ ካብ ዝሰጋገር ድሮ ሳምንታት ሓሊፍዎ ኣሎ። እነሆ ድማ ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ እውን ጐኒንጐኒ ምስቲ ካልእ ዕማማቱ እንታይነትን ከመይነትን ናይቲ ዝምስረት ሰልፍና ናይ ምብራህ መደባት ቀጻሊ እዩ። ዕላማ ናይዚ ምብራህ ድማ ናይ ለውጢ ሓይልታት ብኣፍልጦ ክሳተፍዎን ከተባብዕዎን ንምኽኣል እዩ። ክሳብ ሕጂ ኣብዚ መዳይዚ ዝተመዝገበ ዓወት ድማ ዝነኣድ'ዩ።

ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ተቓወምቲ ውድባትን ናይ ለውጢ ሓይልታትን ዝጽበዮ ዕማማት ብዙሕ እዩ። ካብቲ ብዙሕ እቲ ቀንዲ ነቲ ንህዝብና ዝገዝእ ዘሎ መላኺ ሓይሊ ህግደፍ ኣወጊድካ ኣብ ኤርትራ ናይ ስርዓት ለውጢ ምርግጋጽ'ዩ። ስለዚ እቲ ናይ ህዝብና ጠለብ ዓሚቕ ትርጉም ዘለዎን ነቲ ስርዓት ብምውዳቕ ጥራይ ጠጠው ከይበለ ኣብ ኤርትራ ዘተኣማምን ህዝባዊ ናይ ስርዓት ለውጢ ክሳብ ዝረጋገጽ ዝቕጽልን'ዩ። ስርዓት ህግደፍ ናይ ግድን ክወድቕ ዝድለየሉ መሰረታዊ ምኽንያት ድማ ናይ ለውጢ ዓንቃፊን መላኽን ስለ ዝኾነ እዩ። ዓንቃፊ ዝኾነሉ ምኽንያት ናይ ስልጣን ጽምኡ ምስ ናይ ለውጢ ምትእትታው ስለ ዘይረጋገጸሉ ጥራይ እዩ። በዚ ኢና ድማ ድሌት ህዝብናን ድሌት ስርዓት ህግደፍን በበይኑ እዩ እንብል። ንሕና እቲ እንቃለሰሉ ዘለና ለውጢ ክረጋገጽ እንከሎ ኩሉ እቲ ሎሚ ንህዝብና ዘጨንቕ ዘሎ ጸገማት ክፍታሕ'ዩ ዝብል ጽኑዕ እምነት ኣለና። ስለ'ዚ ኢና ድማ ሕቶ ህዝብና ሕቶና እዩ እንብል።

ነዚ ኣገዳሲ ናይ ስርዓት ለውጢ ንምርግጋጽ ዘኽእል ዓቕሚ ንምውናን እምበኣር ሓደ ኣቓዲምና ክነረጋግጾ ዝግበኣና መሰረታዊ ጉዳይ ኣሎ። ንሱ ድማ ናይቲ ኣብ ምምጻእ ለውጢ ናይ ሓባር ጉዕዞን ረብሓን ዘለዎ ሓይልታት ኣብ ሓደ ምምጻእ'ዩ። ብኣረዳድኣ ሰልፍና ነዚ ሓይልታት ኣብ ሓደ ምምጻእ ማለት ሰፊሕ ትርጉም ዘለዎ እዩ። እዚ ማለት ንታሪኽ ዘይምርስዑ ግና ናቱ እሱር ዘይምኳን ማለት እዩ። ብሓባር ምስራሕ ማለት ንናይ ኣረኣእያ ፍልልያት ምጥፋእ ማለት ዘይኮነስ ንፍልልያዊ ሓድነት ኣብ ጽኑዕን ዘተኣማምንን መሰረት ምንጻፍ ማለት እዩ። እዚ ማለት ደሓር ተመሊሱ ዘይድገስን ኣብ ምክኣልን ምጽውዋርን ዝተመስረተ ዕርቂ ምግባር ማለት እዩ። እዚ ማለት ዝተበታተነ ዓቕምን ኣተሓሳስባን ተሓጋጊዙ ዘድምዕ ናይ ለውጢ ሓይሊ ከም ዝኸውን ምግባር እዩ። እዚ ማለት ነቲ በበይንኻ ከተዕውቶ ዘይከኣልካ ናይ ሓባር ሸቶ ሓቢርካ ምዕዋቱ ማለት እዩ። ብሓባር ምስራሕ ማለት ንነገራት ኣብ ባይታ ብዘየለ ክውንነት እናመዘንካ ናይ መወዳእታ ዘየብሉ ስግኣትን ምጥርጣራትን ግዙእ ዘይምኳን ማለት'ውን እዩ።

እዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቐሰ ኣብ ምርግጋጽ ሓድነት ናይ ለውጢ ሓይልታት ወሳኒ ብጽሒት ዘለዎ ኢልና'ኸ ክሳብ መዓስ ኢና ክነብር? ብኸመይ ኢና'ኸ ነዚ ገጢሙና ዘሎ ሽግር ክንሰግር? ኩላትና ሽግር ተሰጊሩ ሓዲሽ ናይ ሰላም መዋእል ኣብ ኤርትራ ክነግስ ከም እንደሊ ዘካትዕ ኣይኮነን። ኮይኑ'ግን ቅድም ቀዳድም፡ እዚ መዋእል ሰላምን ቅሳነትን ኣብ ኤርትራ መዓስ ይመጽእ ኢልና ክንሓስብ ዘይኮነስ፡ ብኸመይ ይመጽእን ጋህዲ ንኽኸውን'ከ እንታይ ክንገብርን ኣሎና ኢልና ክንሓስብ ይግበኣና። ኣብ ታሪኽ ክንደይ ጸሊም ምዕራፋት ተሰጊሩ፡ ኣብ ቦትኡ ከኣ ብርሃን ተኾሊዑ'ዩ። እዚ ዘለናዮ ዘይስገር ዝመስል ዘሎ መድረኽ ከኣ፡ ክንሰግሮ ንኽእል ኢና። ክንርስዖ ዘይግብኣና ግን፡ ብሓባር እምበር ብውልቂ ወይ ተጎጃጂልካ ዝስገር ከምዘይኮነ ኢዩ። ዝሓበረ ሓፋሽ ዓጋቲ የብሉን ከም ዝበሃል፡ ምስ እንሓብር ጥራይ ኢና ነዚ ክንሰግር እንበቅዕ። ሎሚ ብሰንኪ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ንህዝብን ሃገርን ኤርትራ ገጢሙና ዝርከብ ግዙፍን ኩሉ መዳያዊ ቅልውላውን ኣብ ጥርዙ በጺሑ ኣብ ዝረከበሉ ዘሎ እዋን፡ ፍታሕ ብመንገዲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ባዕዳዊ ሓይሊ፡ ወይ'ውን ኣህጉራዊ ፖለቲካውን ቁጠባውን እገዳታት ኣቢሉ ክመጸና ክንጽበ የብልናን። እቲ መፍትሒ ኣብ ኢድ ሓድነትና'ዩ ዘሎ።

ቻርለስ እስተዋርት ፓርነል፡ ነቲ ኣብ ኣየርላንድ ካብ 1879 ክሳብ 1880 ዝተኻየደ ህዝባዊ ተቓውሞ ኣንጻር መንግስቲ ኣመልኪቱ ከምዚ ዝስዕብ ኢሉ ነይሩ፡-

"ኣብ ካልእ ምምርጻስ ትርጉም የብሉን፡ ኣብ ገዛእ ጽንዓትኩምን ወሳንነትኩምን ጥራይ ክትምርኮሱ ኣለኩም… ብሓባር ደው ብምባል ነንሕድሕድኩም ተደጋገፉ……. ነቶም ኣብ መንጎኹም ዘለዉ ድኹማት ከም ዝሕይሉ ግበሩ…… ስጠሙ ተጠማመሩ….ነብስኹም ወድቡ….ክትዕወቱ ምኳንኩም ከኣ፡ ብምንም ተኣምር ዘጠራጥር ኣይኮነን…ሓድነትኩም ከየረጋገጽኩም ግን…ጉዳይኩም መዕለቢ ክትገብሩሉ ኢልኩም ብፍጹም ኣይትሕሰቡ"።

ስለዚ ከምዚ ፖርነል ቅድሚ 120 ዓመታት ብውሕሉል ኣገባብ ዝገለጾ፡ ነዚ ኣብ ቅድሜና ዘሎ ሰልሚ ክንሰግር፡ ሓቢርና ብሓደ መንፈስ ንሓደ ዕላማ ክንሰርሕ ኣለና። ሕብረት ቅድመ-ኩነትን መፍትሕን ናይ ዓወትና ምኳኑ ኣሚና ክንሰርሕ ይግባእ። ነዚ ከም እምነ-ሰረት ፍትሓዊ ዲሞክራስያዊ ቃልስና ምኳኑ ኣለሊና እንተሰሪሕና ከኣ፡ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ከም እንዕወት ርግጸኛታት ኢና። ዝበርር ዘሎ እንስሳ ንምቕታል ብረቱ ከነጻጽር ዝውዕል ሃዳናይ የለን፡ ከም ዝበሃል፡ ካብዚ ወጻኢ ዝግበር ውልቃዊ ዕንክሊል ከኣ፡ ግዜ ካብ ምብኻንን፡ ቃልሳዊ ዕንቅፋት ካብ ምኳንን ሓሊፉ፡ ዘፍርዮ ነገር ከም ዘይብሉ ውህሉል ተሞክሮታት ታሪኽ ዓለምና ኣጕሊሑ ዘነጽሮ ሓቒዩ።

# ዜናዊ ጾብጻብ

## ውድባዊ ንጥፈታት

### 1. ህዝባዊ ኣኼባ ኣቦ መንበር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ከተማ ሽቱትጋርድ



ብጨናፍር ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ዞባ ጀርመን ዝተጸውዐ፡ ብኣቦ መንበር ተጋድሎ ሓርነት ኣኤርትራ ሰራዊ ባይቶ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር ዝተመርሔ ክፉት ናይ ህዝቢ ኣኼባ ኣብ ከተማ ሽቱትጋርድ ሃገረ ጀርመን ብዕለት 9 ለካቲት 2008 ተሰላሲሉ።እቲ ኣኼባ ካብ ዝተፈላለየ ቦታታት ናይቲ ከተማ ኣከባቢ ዝመጹ ብርክት ዝበለ ቁጽሪ ዘለዎም ኣባላት ተቃወምቲ ውድባትን ስቪካዊማሕበራትን ግዱሳት ዜጋታትን ቦታዊ ኤርትራዊ ናይ ዜና ማዕከንን ዝተሳተፍዎ ኣገዳሲ ኣኼባዩ ኢዩ ነይሩ

ኣኼባ ብጻይ ተስፉማርያም ክብረኣብ ኣቦ-መንበር ዞባ ጀርመን ብዝሃቦ መኸፈቲ ቃልን፡ ቅድሚ ትሸዓተ ዓመታት ልክዕ ኣብታ መኣከቢት ኣደራሽ እቲኣ፡ ስዉእ ብጻይ ስዩም ዑቕባሚካኤል ዝመርሖ ኣኼባ ንምትዕንቃፍ፡ ንሓቅታት ብሓሶት ክዕፍኑ፡ ንዲሞክራሲ ብእምባጓሮ ከበርዕኑ ዝተዓጠቑ ህግደፋውያን ዝተሳዕሩላ ቦታ ኣብርእሲ ምኳና፡ ነቶም ምእንቲ ሰላምን ፍትሕን ዝተሰዉኡ ኤርትራውያን ንምዝካር ብናይ ሓደ ደቒቕ ናይ ሕልና ጸሎት ኣኼባ ንኽጅመር መልእኽቱ ኣማሓላሊፉ።

ብድሕርዚ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣገዳስነት ናይቲ ከተማን ናይ ከባቢ ኤርትራውያን ተቐማጦን ግደን ብዝሕን፡ ኣብ ቃልሲ ዘለዎም ኣበርክቶን ብስም መላእ መሪሕነትን መሰረታትን ውድብ ብምምጓስዩ መግለጺኡ ዝጀመረ። ኣብ መግለጺ ኣቦ-መንበር ውድብ፡ ክሳብ 1982 ዓ.ም ዘሎ እዋን ተመኩሮ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ንኩለንተን ብዝተፈላለየ መጸውዒታት ዝፈለጣ ኣካላት ናይቲ ውድብ ዝምልከት ሓባራዊ ታሪኽ ህዝብና ኰይኑ፡ ድሕሪ 1982 ዓመተ ምህረት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ዝሓለፎ ተመኩሮን ዝኸፈሎ መስዋእትን ተበጃውነትን፡ ብዘጋጠሞ ካብ ከባቢ ምብራርን ማእሰርትን ከይሰልከየ፡ ነቲ ሒጂ ሒዝዎ ዘሎ ፍሉይ መለለይታትን ራእይን ከጥሪ ዘኽኣሎ ምኳኑ፡ ብሰንኪቲ ኣብ ሃገርና ዝበቈለ መላኺ ስርዓትን፡ ዝፈጥሮ ኩሉ መዳያዊ ሕልኽልኻትን ግን፡ ከምቲ ህዝብና ዝጽበዮ ክኸውን ዘይምኽኣሉን ገና ዝጸበዮ ከብድቲ ናይ ቃልሲ ሓላፍነታትን ብድሆታትን ምህላዉ ብምሕባር ኢዩ ነቲ ኣኼባ ከፊትዎ።

ብጻይ ወልደሱስ ኣስዒቡ፡ ኣኼባና ዘልዕሎም ጉዳያት ብዙሓት እኳ ይኹኑበር፡ ኣብ ነንሕድሕዶም ዝተኣሳሰሩ ስለዝኾኑን ሃለዋት ህዝብናን ሃገርናን ከነልዕል እንክለና፡ ንዘሎ መዚና ክንገብሮ ንዘለና መኸተ ክገልጽ ስለዝኽእል ብሓጺር ንምጥቅላሎም ይካኣልዩ። ሎሚ ኩነታት ህዝብና ብዋሕዚ ስደት ናይቶም ክማሃሩን ሃገር ከማዕብሉን ክሃንጹን ዝግብኦም መንእሰያትን፡ ብስቓይ ዝኣልዮም ዝሰኣኑ ወለድን፡ ብራዕድን ሽበራን ናይቲ ስርዓት ልኡኻትን፡ ብግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን፡ ሕጊ ኣልቦ ኣከያይዳን ኣብስቓይ ዝርከብ ህዝቢን ሃገርን ኢዩ ዘለና። ስለዚ እቲ

ስርዓት ብስም ናይ ልምዓት መኸተ ዘካይዶ ዘሎ ናይ ምድንጋር ጐስጓስ፡ ንሕና ተቓወምቲ ልክዕ ከምቲ ንነጻነት ዝገበርናዮ መኸተ፡ ሕጂውን ንድሕነት ሃገርናን ህዝብናን ከነካይዶ ዝግባእና ዝነበረ ዕማም ኢዩ። እቲ ዘገርም ድማ ነቶም ብስንኪቲ ጭቆናን ኣደራዕን ናይቲ ስርዓት ሃገሮም ገዲፎም ኣብ ጐረባብቲ ሃገራት ዝተዓቑቡ መናሰያትና ደድሕሪኦም ስዒቡ፡ ገንዘብ ንኽኸፍሉ ከገድድን ከፈራርሕ ይፍትን ምህላዉ ኢዩ። ስለዚ ኤርትራውያን ስደተኛታት ብማሕበራት ተጠርኒፎም ንመሰላቶም ክጣበቑን መኸቲኦም ከዛይዱን ይግባኦም። ኣብ ሱዳን ዝካየድ ዘሎ ምንቅስቓስ ናይ ስደተኛታት ኤርትራውያን ሓደ መርኣያ ናይ ተባዓት ወለድን ኣሕዋትን ስለዝኾነ ክንስዕቦ ይግባእ ክብል ንዥቕረቦ መግለጺ ኣስማትን ዜጋታትን ካብ ዝወጸ ጽሑፋትን ከምኣብነት እንዳጠቀሰ ንሓበሬትኡ ብመርትዖ ኣሰንዩዎ። ንሕና ከም ውድብ ነቲ ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብዝተፈላለያ ሃገራት ዘጋትሞም ዘሎ ጸገማትን፡ ናይ ዕቑባ ምኽንያታቶም ቅቡል ንኽኸውንን፡ ካብ ማእሰርትን ምስጓጉን ነጻ ንኽኾኑ ዝተፈላለየ መዘክራት ናብ ኣህጉራውን ዞናውን መንግስታውን ትካላት ከነቅርብ ጸኒሕና ኢና፡ ገናውን ጻዕርታትና ቀጻሊ ክኸውንዩ። እዚ ግን ናይ ኩልና ሓገዝ ዝደሊ ዕማም ስለዝኾነ ኣብ ከባቢና ንዝርከቡ ብጉዳይ ስደተኛታት



ንዝግደሱ ትካላት ክንራኽብን ከነመልክትን ይድለ ክብል ኣመልኪቱ።

ካብዚ ብምቕጻል፡ ሃለዋት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ፡ እዚ ዝጠቐስናዮ ካብ ኮነ፡ እቲ ካብ ነዊሕ ዓመታት መላእ ህዝብናን ናይ ለውጢ ሓይልታትን ዝተበገስሉን ዝብህግዎን ዕላማታት ብመላኺ ስርዓት ተጠሊመዩ። ንዝተጠልመ ዕላማታትን ሕድርን ንምምላስ፡ ንባሓቲ ስርዓት ህግዲፍ ብሓደ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካእ እምበኣርዩ፡ ናይ ቃልሲ ቀጻልነትን ናይ ተቓወምቲ ውድባት ህልውናን ክዉን ዝኸውን። ይኹንበር፡ ኣተሃላልዋ ተቓወምቲ ውድባት በዚ ሕጂ ዘለዎ ኣሰራርዓን ኣቓውማን ክረኤ እንከሎ፤ እንተላይ ውድብና ንበይኑ ማለትዩ፣ ከም እተዳለወ መተካእታ ናይቲ ስርዓት ኢዩ ኢሉ ህዝብና ዝዓግበሉ ኣይኮነን። ዘረብኡ ብምቕጻል፡ ከምዚ ዝስዕብ ገለጻ ኣቕሪቡ፡- "ሓቂ ክንዛረብ እንተኾንና፡ ናይ ዓወት መሳርሕን ሓይልን ንኽኸውን ገና ውዳበን ስርርዕን ዝደሊ ሓይልታት ሒዝና ኢና ንጕዓዝ ዘሎና። እዚ ሕጂ ዘሎ ብዝሒ ውድባት ክጻበብ ዘይካኣለሉ ምኽንያት ኣይነበረን። ዋላውን ኣብ ትሕቲ ሓደ ጽላል ኰይኑ፡ እቲ ብዝተፈላለየ መደባት ክጠራነፍ ዝኽእል ውድባት ኣብ ነንሕድሕዱ እንዳተጫነወ፡ ፍልልያቱ ከጻብብ እንተዝኽእል ካብ ውሽጡ ብቑዕ መተካእታ ዝኸውን ሓይሊ ክፈጥር ይኽእል ነይሩ ኢዩ። ነዚ ኣብ ምርግጋጽ ኢዩ ድማ ካብ 1999 ምቛም ምሕዝነት፡ ድሒሩ ኪዳን ኣብዝኸደ ጻዕርታት ክዕወት ዘይተኻኣለ። ዝጸንሔ ኣኪያይዳ ደምበ ተቓውሞ፡ ብሰንኪ ውሽጣዊ ሕጽረታቱ ንህዝቢ ኣብከባቢኡ ወዲቡ ከቃልስ ኣብርእሲ ዘይምኽኣሉ፡ እንትርፎ ኩልና ማዕረ ኢና፡ ብማዕረ ድማ ውክልናና ይረጋገጽ ዝብል እንተዘይኰይኑ፡ ኣብ ሕድሕዱ ግቡእ ሚዛናት ክገብር ዘይካኣለ ሓይልታት ኢዩ። ተስፋ እገብር ግን፡ ካብቲ ዝሓለፈ ፍሹል ተመኩሮ ተማሂርና ኣብዚ ዝመጽእ ዘሎ ናይ 30 መጋቢት 2008 ጉባኤ ኪዳን ዝሓሸ ኣሰራርሓን ውደባን ኣተኣታቲና መንገዲ ዓወት ንኽንገብሮ። ኣብቲ ጉባኤ ብተዓዛብነት ዝሳተፉ ማሕበራትን ኣገደስቲ ውልቀ ሰባትን ምህላዎም ዕዙዝ ኢዩ፣ ክጻዓረሉ ዘለዎ ኢዩ፣ ኣብዝሓለፈ ጉዕዞና ክግበር ስለዘይተኻኣለ ድማዩ፡ እቲ ሓቂኛ ጠንቂ ናይ ሽግራትና ብነጻ ኣካላት ናብ ህዝቢ ክቐርብ ዘይካኣለ"

ክብል ንደም ተቓውሞ ብፍላይ ድማ ንጉዕዞ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ኣድላይነት ስቪካዊ ማሕበራትን ብዝምልከት መግለጺ ሂቡ።

መግለጺ ብጻይ ወልደሱስ ቃል-ዓለም ዘይብሉ፡ ብግልጺ ህዝቢ ንክውንነት ደምበ ተቓውሞ ብዝግባእ መዚኑ ዝህልዎ ናይ ቃልሲ ትጽቢትን ክሕዞ ዘለዎ ጕደና ዓወትን ዝሕብር ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣፍሪቓ ዝተራእዩ ዝምድናታት ናይ ሓይልታትን ወሳንነት ናይ ዓወቶምን ጠቒሱ ኣቕሪቡ።

ድሕሪ 1991 ምሕራር ኤርትራ፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ብረታዊ ተጋድሎ ህዝብና ቀዳማይ ዕላምኡ ኣረጋጊጹዩ ካብዝብል ዕግበት ተበጊሱ፡ ንድሒሩ ዝተኸስተ ኩነታት ዝገጥም ሓድሽ ናይ መድረኽ ምኽፋቱን፡ ብውግእ ዝዓነወት ሃገር ብሓባራዊ ጻዕሪ ደቂ ሃገር ክትህነጽ ከምዘለዋ ብምእማንን፡ ፖለቲካዊ መኸተታት ህዝብና ኣብ መስርሕ ዲሞክራስያዊ ምርብራብን ሰላማዊ ቃልሲ ንኽውገኑ ካብዝነበሮ እምነት ተበጊሱ፡ ሓዱሽ ሰልፋዊ ውደባን ኣሰራርሓን ከምዘድሊ ብኣዋጅ ዝገለጸ እኳ እንተነበረ፡ ኣብ ዞናናን ሃገርናን ዝተፈጥረ ዝምድናታት ንሓሳባትን መደባትን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ዝቐባበል ከምዘይነበረ ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ኣብ 6ይ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ ውድብና ብዝተወስደ ውዱእ ውሳኔ ምቛም ሰፊሕ ዝሰረቱ ሰልፊ ግን፡ ዋላኳ ምስ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮና ዝመሳሰል መደብ ዕዮ ዘለወን ውድባት ኣብዚ እዋንዚ እንተዘየሰነይኦ፡ ካብ ብዙሓት ኤርትራውያን ብተግባራዊ መልሲ እንዳረኸበ ዝኸይድ ዘሎን፡ ዝሓለፉ መድረኻት ዛዚሙ ናብ ምድላው ሰነዳት ጉባኤን ካልእ ዕማማትን በጺሑ ምህላዉ ተደላይነትን እዋናውነትን ናይቲ ውሳኔ ክሳብ ክንደይ ወድዓዊ ምኳኑ ኢዩ ዝሕብረና። ንሕና ንውድብና ሰዊእና ሓድሽ ናይ ቃልሲ ባይታ ክንፈጥር ክንውስን እንከለና፡ ኣብ ጸቢብ ውድባዊ ታሪኽን ክልን ክንነብር ተደላይነት ዘይብሉ ኣብርእሲ ምኳኑ፡ ምስቶም ካባና ብተመኩሮ ክፈላለዩ ዝጸንሑ ተቓወምቲ ግንከኣ፡ ኣብ ስሩዕ ናይ ቃልሲ ባይታ ዘየለዉ ኤርትራውያን ብሓባር ተኸባቢርና ንቓልሲ ክንዳሎን ናይ ሓባር ሓድሽ ተመኩሮ ክንሰርሕን ከምዘድልየና ስለእንርዳእዩ። ኩልና ናይ ታሪኽ እሱራት ክንከውን ኣየድልን። 90% ኣብ ደገ ዘሎ ተቓዋማይ ኤርትራዊ ዜጋ ስለምንታይ ኢዩ ኣብ ውድባት ተሰሪዑ ክቃለስ ዘይክእል ዘሎ ዝብል ሕቶውን ሓደ ካብ ሽግራትና ስለዝኾነ፡ ክንምርምሮን መፍትሒ ክንረኽበሉን ዝግባእ ምኳኑ ብጻይ ወልደሱስ ሓቢሩ። ምስዚ ብምትሕሓዝ ኣቃውማ ሓባራዊት ኮምስዮን ምቛም ሰፊሕ ዝሰረቱ ሰልፍን ዘሰላሰለቶ ዕማማትን ንተሪፍዋ ዘሎ ናይ መጸኢ መደባት ንምዕዋት ምትሕብባር ናይ ኩሉ ተቓላሳይ ህዝቢ ከምዘድልያን ኣመልኪቱ።

ድሕርዚ ኣገዳስን ጠቓምን ኣስተምህሮ ሓዘል መግለጺ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ናይ ሕቶን መልስን መድረኽ ንህዝቢ ተገዲፉ። ተሳተፍቲ ኣኼባ ብተገዳስነት ብጉዳይ ስደተኛታት ኤርትራውያን፡ ንመንእሰያት ኣብ ፖለቲካዊ መስርሕ ንምስታፎም ክግበር ዘለዎ ጻዕርታትን ኣተሓሕዛን፡ ግደ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ሕቶ ኣመራርሓን፡ ስለምንታይ ምቛም ሰልፍን ናይ ቃልሲ ቦታኡን፡ ምስ ኩሉ ክህሉ ዝኽእል ስክፍታታቶምን ብሂላትን፡ ጉዳይ ውሳኔ ዶብን ኣፈጻጽምኡን ብዝምልከት ኣገደስትን እዋናውያንን ሕቶታት ኣቕሪቦም።



ካብ ተሳተፍቲ ኣኼባ ንዝቐረቡ ሕቶታት ኣብ



ምምላስን ምብራህን፡ ኣባላት ሓባራዊ ኮምስዮን ምቛም ሰልፊ ዝኾኑ ብጾት ንጉሰ ጸጋይን ሙሴ ሰመረን ኣብቲ ልዕሊ 5 ሰዓታት ዝወሰደ ኣኼባ ተረኺቦም መብርሂ ሂቦም። ፍሉይነት ናይቲ ኣኼባ፡ ድሕሪ መግለጺ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ምስቲ ሕቶን መልስን ዝሸይድ ንምቛም ሰልፊ ዝምልከት ብፕሮጀክተር ዝተሰነየ ናይ ጽሑፍ ስእላዊ መግለጺታት ንነዊሕ ግዜ ምትሕልላፉ፡ ኣድህቦ ተሳተፍቲ ዝሳሓበ ኣቀራርባ ምንባሩውን ዝዝከር ኢዩ።

ብዘይካዚ ሓደ ካብ ተሳተፍቲ ኣኼባ፡ ሓንቲ ኣብ ሊብያ ተኣሲሮም ካብዝነበሩ ኤርትራውያን ድሕሪ ምውጻኦም ናብ ኣቦ-መንበር ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር ዝተጻሕፈት ደብዳበ ሒዙ መጺኡ፡ ንኣኼበኛታት ኣንቢብሎም። በዚ ኣጋጣሚ ካብ ቤት ማእሰርቲ ሊብያ ዝወጹ ኤርትራውያን ምህላዎም ክፍለጥ ተኻኢሉ። ትሕዝቶ ደብዳበ ከምዘላታ እነሆ ንኣንበብቲ ከነቕርባ ኢና።

ደብዳቤ ካብ ቤት ማእሰርቲ ሊብያ ዝወጹ ስደተኛታት ናብ ኣቦ መንበር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

05.02.2008

ናብ ዝኸበረ ኣቶ ወልደሱስ ዓማር

ኣቦ መንበር ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ

ንሕና ኣብ ሊብያ እሱራት ዝነበርና መንእሰይ ኣቀዲምና ሰላምታና ነቕርብ።

ቀጺልና ድማ በቲ ንስኹም ፍትሒ ንኽንረክብ ዝገበርኩምልና ዓቢ ቃልሲ፡ እንሆ ካብ ማእሰርቲ ሊብያ ወጺእና ኣሎና። ብሽራት ይኹንኩም። ካብ ምዓሙቕ ልብና ከኣ ምስጋና ነቕርብ።

ንስኹም እንተዘይትቃለሱልና ነርኩም፡ ኣብ ሊብያ ኰነ ኣብ ኤርትራ ዝጽበየና ዝነበረ ናይ ዓመጽ ፍርዲ ንኹሉ ርዱእ ኢዩ። ክብረት ይሃበልና። ተስፋ ከኣ ንገብር ካብቲ ህዝቢ ኤርትራ ረኺብዎ ዘሎ መከራን ናይ ራዕዲ ኣገዛዝኣን፡ ኣምላኽ ተሓዊስዎ ነዚ ዝሃልቕ ዘሎ ህዝብና ከምቲ ካብ ማእሰርቲ ሊብያ ነጻ ዝወጻእናዩ ከምኡ ንህዝብና ራህዋ ከተምጽኡሉ ብዓቢ ተስፋ ንጽበየኩም፤ ምንዮትናውን ወሰን የብሉን።

ምስ ብዙሕ ምስጋና ሕውነታዊ ሰላምታና ነቕርብ።

ብሽም እሱራት ሊብያ

ኣብ መደምደምታ፡ መራሕቲ ኣኼባ ካብ ተሳተፍቲ ንዝቀረበሎም ኣገደስቲ ንቓልሲ ዝሕግዙ ለበዋታትን ርእይቶታትን ሰኒቆም፡ ኣኼባ ብስኒትን ሰላምን ተፈጺሙ ብዝኸሪ ናይ ስዉኣት ድማ ተደምዲሙ።

## ሓድሽ ህንጻ ኣብ ቤት ትምህርቲ ወድሸሪፈይ ብዘይመንግስታውያን ስዊሳውያንን ጣልያናውያንን ለገስቲ

ኣብ ቀረባ እዋን ዝወጸ ዓመታዊ ጸብጻብ ናይ ማሕበር ስዊሳውያን ንህጻናት ኤርትራ (Association Suisse-Enfance Erythree) ኣብ ወድሸሪፈይ ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ስደተኛታት፡ ኣብ ልዕል'ቲ 600 ዝኾኑ ህጻናት ክመሃርሉ ዝጸንሑ ህንጻታት፡ ብዙሕ መዳያዊ ኣገልግሎት ዝህብ ራብዓይ ህንጻ ተሰሪሑ ምህላዊ ይሕብር። እዚ ብ25,000 ኢ.ሮ እተሰርሐ ህንጻ'ዚ፡ ካብ መወዳእታ ዓመት 2007 ኣትሒዙ፡ ከም ናይ መአከቢ ኣዳራሽን ቤተ-መጻሕፍትን (Library)፤ ከምኡ ውን፡ ገለ ካብኡ ከም መምሃሪ ክፍልታት ኰይኑ ኣገልግሎቱ ክህብ ጀሚሩ ኣሎ። ነዚ ህንጻ'ዚ ንምስራሕ ዝተገብረ ወጻኢታት

ብማሕበር ስዊሳውያን ንህጻናት ኤርትራን፡ ብሓደ ኣስፐ (ASPE) እተባሃለ ኢጣልያዊ ማሕበርን ኢዩ ተሸፊኑ።



እታ ንዶባት ኤርትራን ሱዳንን ቀረባ ዝኾነት ኣብ ጥቓ ከሰላ እትርከብ ቤት ትምህርቲ ወድሸሪፈይ ብምሕዝነት ማሕበራት ቀይሕ መስቀልን ቀይሕ ወርሕን ኤርትራ ኢያ እትመሓደር። ኣቶ ጅምዕ ኣሕመድ፡ ዝለዓለ ኣካያዲ ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ፕሮጀክትን ኣባል ቦርድ ምሕዝነት ማሕበራት ቀይሕ መስቀልን ቀይሕ ወርሕን ኤርትራ፡ ካብ 14-19 ለካቲት 2008 ኣብ ስዊዘርላንድ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ምስ ኣባላትን ደገፍትን ማሕበር ስዊሳውያን ንህጻናት ኤርትራ ብምርኻብ፥ ብስም እቶም ህጻናትን ድኻታት ስድራቤታቶም፡ ነቶም ንወድሸሪፈይ ሓገዝ ዝለገሱ ማሕበራት ኣብ ስዊዘርላንድ ምስጋናኡ ኣቕሪቡ። ኣቶ ጅምዕ ኣሕመድ፡ ሓላፊ ናይ'ቲ ብጕዳያት ስደተኛታት ዝግደስን፡ ኣብ ከሰላ ዝርከቡ ውግኣት ሓርነት ዝናብን ቤት ጽሕፈት ሕብረተ-ሰብኣዊ ጕዳያት ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ምዃኑ ውን ዝፍለጥ ኢዩ።

ኣቶ ጅምዕ ምስ ሚስተር ፊሊፕ ግራንድያን፡ ፕረሲደንት ማሕበር ስዊሳውያን ንህጻናት ኤርትራን ከምኡ ውን ምስ ኣባላት ፈጻሚ ኣካል ናይ'ቲ ማሕበር ዝኾና ዑቕባ ተኽለን ሶፍያ ዓማርን ተራኺቡ።



ኣቶ ጅምዕ ኣሕመድ (ኣብ የማን ዘሎ) ምስ ፕረሲደንት ማሕበር ስዊሳውያን ንህጻናት ኤርትራን በዓልቲ ቤቱ ኣኒታን

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኣቶ ጅምዕ ኣሕመድ ብተወሳኺ፡ ምስ ኣባላት ማሕበር ስዊሳውያን ንህጻናት ኤርትራን ተደናገጽትን ኣብ ጅነብ ብውልቀ ደረጃ፡ ብፍላይ ድማ፡ ምስ ኣገደስቲ ዝኾኑ ደገፍቲ ኣባላት ኮምዩን ኦፍ ፕላን ኡወተ ርኽክባት ኣካይዱ ኢዩ። ኣብ ርክቡ፡ ብዛዕባ'ቲ ክሳዕ ሕጂ ኣበርኪቶምዎ ዘለዉ ሰብኣዊ ደገፋት ክብ ዝበለ ምስጋናኡ ድሕሪ ምቕራብ፤ ኤርትራውያን ስደተኛታት ህጻናት ናብ ሰላምን ዲሞክራስን ዝሰፈና ሃገሮም ክሳዕ ዝምለሱ፡ ደገፎም ቀጻሊ ክኸውን ዘለዎ ተስፋ ውን ገሊጹ።

ኣብ መጀመርያ ኣዋርሕ ናይ'ዚ ዓመት'ዚ፡ ኣቶ ጅምዕ ኣሕመድ፡ ነቶም ደኺመ ዘይወጾም ኣባ ማሪኖ ዝርከብዎም ደገፍቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ወድሸሪፈይ ዝኾኑ ኣብ ሃገር ጣልያን ዝርከቡ ገበርቲ ሰናይ ውን ተራኺቡ ነይሩ። ኣባ ማሪኖ፡ ንኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ሱዳን፡ እንተላይ ንቤት ትምህርቲ ወድሸሪፈይ ከይሰልከዩ ዝድግፉ ዘለዉ ኣቦ ምዃኖም ዝፍለጥ ኢዩ

ማሕበር ስዊሳውያን ንህጻናት ኤርትራ ኣብ መወዳእታ ናይ 2005 ኢዩ ተመስሪቱ። ሓፈሻዊ ዕላማኡ፡ ንኤርትራውያን ስደተኛታት

ኣብ ሱዳን ትምህርታዊ ኣገልግሎት ምቕራብ ኰይኑ፤ ግን፡ በታ ኣብ ክፍላ ሰማያታት ብምሕዝነት ማሕበራት ቀይሕ መስቀልን ቀይሕ ወርሕን ኤርትራ እተመስረተት ቤት ትምህርቲ ወድሽሪፈይ ምጅማር ዝብል ኢዩ። እተን ቀዳሞት ሰለስተ መምሃሪ ህንጻታት ብደገፍ ናይ ሆላንድ ለገስቲ ማሕበራት ኣብ 1988 ኢየን ተሰሪሐን።



**ቤት ትምህርቲ ስደተኛታት ወድሽሪፈይ ብኤርትራውያን ቋንቋታት (ዓረብኛን ትግርኛን) ክሳዕ 6ይ ክፍሊ፤ ብእንግሊዝኛ ድማ ክሳብ 8ይ ክፍሊ ይምህር**

እቲ ህንጻታት ኣሪጉ ስለዝነበረ፡ ኣብ 2006 ብደገፍ ኣብ ጣልያን ዝርከቡ ለገስቲ ማሕበራትን ውልቀ-ሰባት ተሓዲሱ።

ማሕበር ስዊሳውያን ንህጻናት ኤርትራ ንትምህርቲ ዝውዕል ወፈያታት (ኣብ'ዚ መርበብ ሓበሬታ'ዚ ተመልከት WWW.ASEE.CH) ዝእክብን፤ ዓመታዊ ደሞዝ መምህራን ክሽፍን መብጽዓ ዝኣተወን፡ ቀስ ብቐስ ንቤት ትምህርቲ ወድሽሪፈይ ክመሓይሽ ዝተበገሰን ማሕበር ኢዩ።

## ኤርትራ

## ዑደት ላዕለዎት ሓለፍቲ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ኮሚሽን ስደተኛታት ሱዳንን ኣብ ኣውራጃ ቀይሕ ባሕሪ

ብዝሒ ዋሕዚ ኤርትራውያንን ሶማልያውያንን ስደተኛታት ናብ ምብራቓዊ ሱዳን ንምጽናዕን፤ ከምኡ ውን፡ ብመሰረት ሽማግለ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ፖርትሱዳን ቅድም ክትብል ኣቕሪባቶ ዝነበረት መዘኻከሪትን ጥርዓናትን፡ ኩነታት መነባብሮ ስደተኛታት ኤርትራውያን ንምዕዛብ፡ ሓባራዊ ልኡኽ ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራትን (UNHCR) ኮሚሽን ስደተኛታት ሱዳንን (COR) ብዕለት 19.02.2008 ናብ ኣውራጃ ቀይሕ ባሕሪ ዑደት ኣካይዱ።

እቲ ልኡኽ፡ ኣብ ዶባት ሱዳንን ኤርትራን ብምዝውዋር ብዝገበሮ ትዕዝብቲ፡ ኣብ ከባቢ ተኰርን ቃሩራን ሓደስቲ መቐበሊ መደበራት ንኤርትራውያን ስደተኛታት ክቐውም ወሲኑ።

ከምኡ ውን፡ እቲ ልኡኽ ምስ'ታ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ኣብ ፖርትሱዳን ዝቘመት ብጕዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣበርቲዓ ክትንቀሳቐስ ዝጸንሐት ሽማግለ ናይ ክልተ መዓልታት ርክብ ኣካይዱ። ኣብ'ዚ ምስ ሽማግለ ኤርትራውያን ስደተኛታት ፖርትሱዳን ዝተገብረ ርክብ'ዚ፡ እቲ ሓባራዊ ልኡኽ፡ ንኤርትራውያን ስደተኛታት ዘጋጥም ብዙሕ ጸገማት ከምዘሎ ተኣሚኑ፤ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ንምፍታሑ ድማ፡ ጸብጻባቱ ናብ ዝምልከቶም ላዕለዎት ሓለፍቲ ከመሓላልፎ ምዃኑ መብጽዓ ኣዩ።

ኣብ'ዚ ሓባራዊ ልኡኽ እተሳተፉ ናይ ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራትን ናይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሱዳን ወከልቲ ካብ ምብራቓዊ ዞባ (ሽወክ)፤ ላዕለዋይ ተወካሊ ኮሚሽን ስደተኛታት ሱዳን (ኮር)፤ ናይ ላዕለዋይ ኮሚሽን ሕቡራት ሃገራት ናይ ሕጊ ኣማኻሪ፤ ከምኡ ድማ፡ ናይ ላዕለዋይ ኮሚሽን ሕቡራት ሃገራት ናይ ዑቕባ (protecton) ሓላፊ ምንባሮም ንቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ካብ'ቲ ቦታ'ቲ ዝበጽሖ ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

## ኣሰናዳኢት ኮሚቴ ጉባኤ 13 ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ኣኼባኣ ጀሚራ

ብመሰረት እቲ ካብ 15-19 ጥሪ 2008 ኣብ ኣዲስ ኣበባ እተኻየደ ኣኼባ 11 ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ዝቼመት 13 ኣባላት ዘለዉዋ ኣሰናዳኢት ኮሚቴ፡ ትማሊ ዕለት 19 ለካቲት 2008 ስርሓታ ብወግዒ ጀሚራ።

እቲ ኣኼባ ብዕለት 15 ለካቲት 2008 ክጅመር ተወሲኑ ከምዝነበረ ዝፍለጥ ኢዩ። እንተኾነ ግን፡ ብገለ ናይ መጕዓዝያ ተክኒካዊ ሽግራት ገለ መዓልታት ኣሕሊፉ ክጅምር ተገዲዱ ኣሎ።

ሓው መንግስተኣብ ኣስመሮም፡ ኣባል ኣውሃሃዲት ኮሚቴ 13 ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ፡ ኣብ'ቲ ኣኼባ ብምርካብ፡ ኣብ ኣኼባ 11 ውድባት ዝተመሓላለፈ ውሳኔታት ብሓፈሻ፡ ንዕማማት ኣሰናዳኢት ኮሚቴ ድማ ብፍላይ ኣመልኪቱ መግለጽን መብርሂታትን ድሕሪ ምሃብ፡ ስርሓት ብወግዒ ጀሚሩ ከም ዘሎ ኣፍሊጡ።

ኣውሃሃዲት ኮሚቴ 13 ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ
20.02.2008

## ሕቡራት ሃገራት፡ ሰራዊቱ ካብ ጸጥታዊ ክሊ ምግዓዝ ክጅመር ኢዩ

እቲ ብመሰረት ስምምዕ ኣልጀርስ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ተፈጢሩ ዝነበረ ናይ ጸጥታ ክሊ ክቈጻጸር ተመዚዙ ዝጸንሐ ሰራዊት ዓቃቢ ሰላም ሕቡራት ሃገራት (UNMEE)፡ ካብ ጽባሕ 13 ለካቲት 2008 ጀሚሩ ናብ ዶብ ኢትዮጵያ ምግዕዝ ክጅምር ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት፡ ንስርሓት ዓቃቢ ሰላም ንምስላጥ ዘኽእሎ ነዳዲ ብመንግስቲ ኤርትራ ይውሃቦ ከምዘየለን፤ ካብ ወጻኢ ባዕሉ ነዳዲ ከምጽእ ሓቲቱ ከምዘይተፈቕደሉን ደጋጊሙ ክሕብር ምጽናሑ ዝዝከር ኢዩ። ካብ'ዚ ብምብጋስ፡ ሕቡራት ሃገራት፡ እቲ ሰላም ናይ ምዕቃብ ስልጣኑ ንሓደ ወርሒ ጥራሕ ከናውሕ ምዃኑ ክገልጽ ድሕሪ ምጽናሕ፤ ኣብ መወዳእታ፡ ዓቃቢ ሰላም ካብ'ቲ ጸጥታዊ ክሊ እንተደኣ ስሒቡ ውግእ ክባራዕ ይኽእል ኢዩ ካብ ዝብል ስግኣት ነቒሉ፡ ንህላዌኡ ንተወሳኺ 6 ኣዋርሕ ከናውሕ ወሲኑ። እዚ ግን፡ እቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ሕቡራት ሃገራትን ተፈጢሩ ዘሎ ናይ ነዳዲ ቅልውላው ፍታሕ ክረክብ'ዩ ካብ ዝብል ተረድኦ ዝነቅል ምንባሩ ውን ርዱእ ነይሩ።

ኣብ'ዚ ቀረባ መዓልታት ድማ፡ ሕቡራት ሃገራት፡ እቲ ተሪፍዎ ዘሎ ነዳዲ፡ ኣብ ህጹጽ ኩነታት ክጥቀመሉ ኢሉ ዓቒርዎ ዝጸንሐ ምዃኑን፤ እቲ ናይ ነዳዲ ምርካብ ጠለባቱ እንተዘይተማሊኡ፡ ንህይወት ናይ ኣባላት ዓቃቢ ሰላም ንምድሓን፡ ናብ ካልእ ቦታ ንምግዓዞም ክጥቀመሉ ምዃኑ ከጠንቅቕጸኒሑ።

ስርዓት ኢሳያስ፡ ነቲ ብሕቡራት ሃገራት ክቐርብ ዝጸንሐ ናይ ነዳዲ ጠለብ ንምምላእ ፍቓደኛ ኰይኑ ስለዘይተረኽበ፡ ካብ ጽባሕ ረቡዕ ጀሚሩ፡ ዓቃቢ ሰራዊቱ ሕቡራት ሃገራት ናብ ዶባት ኢትዮጵያ ምስጋር ክጅምር ምዃኑ ውሃቢ ቃል ሕቡራት ሃገራት ኣፍሊጡ። እቲ ኣብ ኣስመራ ዝጸንሐ መደበር ውን ናብ መቐለ ክግዕዝ ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

## ኤርትራ፡ ንዓቕብቲ ሰላም እገዳ ናይ መግቢ ገይራ ተባሂላ ብሕቡራት ሃገራት፡ ተኸሲሳ

ብሰንኪ ጒዳይ ነዳዲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ሕቡራት ሃገራትን ዝተፈጥረ ቅልውላው፡ ሕቡራት ሃገራት ብ13 ለካቲት 2008 ሰራዊቱ ካብ ጸጥታዊ ክሊ ዶባት ኤርትራን ኢትዮጵያን ከውጽእን ናብ ዶባት ኢትዮጵያ ከስግሮን ምጅማሩ ኣብ ዝሓለፈ ዜናዊ ጸብጻባትና ሓቢርና ምንባርና ዝዝከር ኢዩ።

በዚ ውሳኔ'ዚ መሰረት፡ ሕቡራት ሃገራት ገለ ካብ ሰራዊቱን ካብ 6 ዘይበዝሓ መኻይንን ካብ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ድሕሪ ምስጋሩ፡ ስርዓት ኢሳያስ፡ ነቶም ዝተረፉ ኣባላት ዓቃቢ ሰላም ሕቡራት ሃገራትን ንብረቶምን ከይግዕዙ ከምዝኸልከሎም ሰበ-ስልጣን ሕቡራት ሃገራት ይሕብሩ ኣለዉ። እዚ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ናይ መግቢ እገዳ ከምዝተገብረሎም ውን ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን ሕቡራት ሃገራት ክኸሱ ተሰሚዖም።

“ሓደ ፍርቂ ደርዘን ዝኾና ናይ ሕቡራት ሃገራት መኻይን ናብ ኢትዮጵያ ክሰግራ ተፈቒዱለን፤ ብረት ብምውጥዋጥ ኣብ ልዕሊ ኣባላት ሕቡራት ሃገራት ምፍርራሕ ይፍጸም ኣሎ፤ እታ መግቢ ተቐርበልና ዝነበረት ኩባንያ ድማ ደው ኣቢላቶ ኣላ። ብሰሪ'ዚ፡ ኣብ ዶባት ክልቲኡ ሃገራት ተቘርቚሩ ዘሎ ሰራዊት ዓቃቢ ሰላም ንቕሩብ መዓልታት ዝኾኖ መግቢ ጥራሕ'ዩ ተሪፍዎ ዘሎ” ብምባል ማሪ ኦካበ እተባህለት ቃል ውሃቢት ሕቡራት ሃገራት ኣቃሊዓ።

ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዝገበሮ ህጹጽ ኣኼባ፡ ንኤርትራ ብጕድለት ምትሕብባር ኮኒኑ፤ ብድሕነት ናይ ኣባላት ዓቃቢ ሰላም ተሓታቲት ምኻናን ድሕሪ ምግላጽ ድማ፡ ኵሉ ኣብ ልዕሊ ዓቃቢ ሰላም ሕቡራት ሃገራት ኣንቢራቶ ዘላ እገዳታታ ክተልዕሎ ጸዊዑ። እዚ እንተዘይገይራ ድማ፡ ዝግባእ ስጕምታት ክወስድ ምኻኑ ኣጠንቂቑ።

ሰበ-ስልጣን ኤርትራ ድማ፡ ክስታት ሕቡራት ሃገራትን ዋና ጽሓፊኡ ባን ኪሙንን መሰረት ዘይብሎምን ነቲ ሓቀኛ ኩነታት ዝጥምዝዝን ኢዩ፡ ንሰራዊት ዓቃቢ ሰላም ዝህድድ ሓደጋታት የለን ክብሉ ይስምዑ ኣለዉ።

## ሰራዊት ዓቃቢ ሰላም ካብ ኤርትራ ናይ ምግዓዝ መደብ ንግዚኡ ደው ከብል ተወሲኑ

ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ'ቲ ኣብ መንጐ ዶባት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣዋፊርዎ ዝጸንሐ ሰራዊት ዓቃቢ ሰላም፡ ካብ ዕለት 13.02.2008 ጀሚሩ ከግዕዞ ጀሚሩ ምንባሩ ዝፍለጥ ኢዩ። ካብ 6 ዘይበዝሓ መኻይንን ገለገለ ኣባላት ዓቃቢ ሰላምን ናብ ዶባት ኢትዮጵያ ድሕሪ ምስጋሩ ከኣ፡ ኤርትራ ነቲ ናይ ምግዓዝ መደብ ብምቅዋም፡ ነቶም ኣብ ጕዕዞ ዝነበሩ ሰራዊት ዓቃቢ ሰላም ደው ከምዘበለቶም ብዝተፈላለዩ ማዕከናት ዜና ዓለም ክቃልሑ ምጽናሖም ዝዝከር ኢዩ።

ኤርትራ፡ እቲ ናይ መግቢ ምቍራጽ ጸገም ተክኒካዊ ሕቶ ደኣ'ምበር ፖለቲካዊ ኣይኮነን፤ ሰራዊት ዓቃቢ ሰላም ካብ ኤርትራ ክስሕብ ምግባር ንስምምዕ ኣልጀርስ ዝጻረር ተግባር'ዩ ዝብል ተቓውሞታት ከተስምዕ ጸኒሓ ኢያ። ድሒሩ ዝመጸና ሓበሬታ፡ ሕቡራት ሃገራት ነቲ ጀሚርዎ ዝጸንሐ ናይ ምግዓዝ መደብ ንግዚኡ ደው ከብሎ ወሲኑ ዝብል ኢዩ።

እዚ ውሳኔ”ዚ ኣብ ምንታይ ስምምዕ ዝተመርኰሰ ምዃኑ ዝተፈልጠ ነገር የለን። ኤርትራ ነቲ ኣብ ልዕሊ ዓቃቢ ሰላም ሕቡራት ሃገራት ኣንቢራቶ ዝጸንሐት ናይ ነዳድን መግብን ምንቅስቓስን እገዳ ክተልዕሎ ድያ ኣይኰነትን ኣብ መጻኢ መድረኽ ዝርአ ኢዩ።

ስርዓት ኢሳያስ፡ ኣብ ልዕሊ ዓቃቢ ሰላም ክገብሮ ዝጸንሐ እገዳታት፡ ናይ ዓለም ቆላሕታ መታን ክረክብ ዝገብሮ ተጽዕኖታት ደኣ'ምበር፤ ብምንስሓብ ሰራዊት ዓቃቢ ሰላም ክጥቀም ከምዘይክእል ኣዐርዩ ይፈልጥ ኢዩ። መሰረታዊ ድሌቱ እቲ ናይ ኣይ ሰላም ኣይ ኵናት ሃዋህው ክቕጽል ኢዩ ዝብሉ ብዙሓት ተዓዘብቲ ኣለዉ።

## ምስራውያን ወተሃደራት፡ ንሓንቲ ኤርትራዊት ኣደ ኣብ ዶብ ጋዛ ቀቲሎም

ሓንቲ 37 ዓመት ዝዕድሚኣ ስማ ጌና ዘይተፈልጠ ኤርትራዊት ኣደ፡ ምስ ክልተ ደቃ፡ ናብ እስራኤል ንምስጋር፡ ኣብ ዶብ ግብጽን ምብራቓዊ ጋዛን፡ ብወተሃደራት መንግስቲ ግብጺ ብዝተተኰሰላ ጥይት ተቐቲላ ከምዘላ ቪ.ኦ.ኣይ (VOA) ናይ ኣምሓርኛ ፕሮግራም ኣረጋጊጹ።

እቶም ክልተ ውሉዳ ድማ፡ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ፖሊስ መንግስቲ ግብጺ ከምዘለዉ እቲ ዜና ሓቢሩ።

# ንጽጉማት ስደተኛታት ዓቕምና ዘፍቅዶ ደገፍ ነበርክት



ቤት ትምህርቲ ኤርትራውያን ስደተኛታት ወድሸሪፈይ